# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.297 | ቀዳም 12 ነሓሰ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ብኸለ ፕላስቲክ ነወግድ



ገጽ 3 ጽንጽያ ፍረታት (Fruit fly)



ገጽ 5 ቃለ-መጠይቕ ...



ገጽ 7 ንዝጠፍኡ ሽግግለታት ...



ገጽ 11 ኤርትራ ኣብ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም ክትሳተፍ'ያ


# ኣ.ማ.ተ-ሰምበል፡ ናይ ኣካዳሚያዊ ንጥፈታት መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ኣካዪዱ





ኣገልግሎት ቤት-ማእሰርትን ተሃድሶን (ኣ.ማ.ተ) ሰምበል፡ ብ10 ነሓሰ - ናይ ኣካዳሚያዊ፡ ሞያውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዓመት-2022/2023፡ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣዛዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ብርጋዴር ጀነራል ግርማይ መሓሪ፡ ሚኒስተራትን ካልኦት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበል ሜጀር መሓሪ ዓንደብርሃን፡ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርትን ካልኦት መሻርኽቲ ትካላት መንግስትን ከምኡ'ውን ምስ ሃገራውያን ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ብምትሕብባር፡ ተሃደስቲ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናታትን ቀሲሞም ኣፍረይቲ ንክኾኑ - ባይታ ንምጥጣሕ ብዕቱብ ይስራሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበል መምህር ዘርኣይ ስምኦን ብወገኑ፡ ኣብ ዓመት-2022/2023 ካብ 1ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ካብ ዝተኸታተሉ 147 ተኣረምቲ፡ እቶም 94 ከምዝሓለፉ ሓቢሩ።

ምስ ሃሰሰኤን ሃማመተኤ ዞባ ማእከልን ብምትሕብባር እውን፡ 3262 ተኣረምቲ ብቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር፡ ምዝርጋሕ መስመራት ኤለክትሪክ፡ ምትካል ደሸን ሶላርን ከምኡ'ውን ብመሰረታዊ ኤለክትሮኒክስ፡ 3119 ተኣረምቲ ድማ ብስእሓፍን ካልእን ኣሰልጢኖም።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ብትምህርቶም ጽብቡል ንዝበሉን ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት ንዝተዓወቱን ሽልማት ተዓዲሉ።



# ማእከል - ንኣባላት ሓ/ምክልኻል ናይ እንግዶት መደባት ተወዲቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ነበርቲ ንኡሳን ዞባታት በሪኽን ጋላ-ነፍሒን፡ ኣብ ወፍሪ ልምዓት ንዝሳተፉ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብ5ን 6ን ነሓሰ ናይ ምዝንጋዕ መደባት ወዲቦም።

ብ6 ነሓሰ ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ - ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ-ተኽላይን ዓዲ-በደልን ኣብ ዝተወደበ ናይ ምዝንጋዕን ምሳሕን እንግዶት፡ ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን፡ "ንስኻም፡ ርግኣትን ልኡላውነትን ሃገርና ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፍም ዘሕለፍኩሞ ጅግንነት ንዘይፈርሕ ሓይልታት ምክልኻል ክብሪ ይኹንኩም!" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘሰላስልዎ ዘለዉ መደባት እውን ናይ'ቲ ዝቐጸሉ ህዝባዊ ዕላማ መርኣያ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ። ብስም ነበርቲ ድማ ኣመስጊኑ።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ምምሕዳር ከበሳታት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣባላት ክፍላተ-ሰራዊት 31ን 29ን - ዛላታትን ከትርታትን ከምኡ'ውን ናይ ሓመድ ጽርግያ ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ዕውት ስራሕ ከምዝሰርሑ፡ ልዕሊ 20 ሽሕ ፈልሰታት ገረብ እውን ከምዝተኸሉ ገሊጾም።

ነበርቲ ዓዲ ቀ እውን ብተመሳሳሊ ብ5 ነሓሰ፡ ኣብ ህንጻት ዱጋ ተዋፊሮም ንዘርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል - ክፍለ-ሰራዊት 19፡ ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን መደብ ከምዝወደቡ ተፈሊጡ።

# ነበርቲ ምም/ከባቢ ድርፎ ጽርግያኦም ይጽርጉ ኣለዉ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ - ንኡስ ዞባ ኣኽርያ፡ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ብወፈራ ናብ ዓዶም ዘእቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ይጽርጉ ኣለዉ።

እቲ ስራሕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሓገዝ ማሽነሪ ተጀሚሩ'ኳ እንተነበረ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከምእተቛረጸ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ ኣቶ ዑመር ኢብራሂም፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኒ ጀሚሮም - ብጉልበቶም ይቕጽልዎ ከምዘለዉ ገሊጹ።

መጻልታዊ ልዕሊ 300 ዓቕሚ-ሰብ እናወፈረ፡ ዛጊት 6 ሜትሮ ዝጎድኑ ኣሰታት 9 ኪሎሜተር ከምዝጸረጉን ክሳብ ናብ ማእከል ዓዲ ዝኣቱ ከምዝቕጽልዎን ብምሕባር፡ ናይ ማሽነሪ ደገፍ ክግበረሎም ሓቲቱ።

ነበርቲ፡ ብሰንኪ ናይ መጓዓዝያ ጸገም፡ ንዝለዓለ ሕክምና ናብ ኣስመራ ንምኻድ ኮነ ፍርያቶም ናብ ዕዳጋታት ኣስመራ ንምብጻሕ ብዘይጥጡሕ መንገዲ ብኣግማልን ኣእዱግን ከመላለሱ ምጽንሖም ገሊጾም።

ልዕሊ 5 ሽሕ ነበርቲ ዘለውዋ ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ፡ ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ምብራቕ ኣስታት 16 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።



# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# ጽንጽያ ፍረታት (Fruit fly)

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ፡ ጽንጽያ ፍረታት ዝብሃል እንታይ ምዃኑ፡ መበቍልን ዑደት ህይወትን፡ ኣብ ፍረታት ብኸመይ ከም ዝራባሕን ዘበላሽዎምን ዝብሉ ኣርእስትታት ኣመልኪቱ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን፡ ክኢላ ምክልኻል ጥዕና ብቝሊ ኣቶ ፊልሞን ኣፈወርቂ ዝሃበና መብርሂ ቀዳማይ ክፋሉ ኣቕሪብናልኩም ኔርና። ኣብ ናይ ሎሚ ሕታም ድማ ኣብ ምሕደራን ቍጽጽርን ጽንጽያ ፍረታት ዘተኰረ ትሕዝቶ፡ ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።



## ምሕደራን ቍጽጽርን ባልዓት ጽንጽያ ፍረታት

1. **ጽሬት፦** ብጽንጽያ ፍረታት ዝተጠቕዑ ፍረታት ኣብ መሬት ቀጻሊ እዮም ዝወድቁ። እዞም ዝወደቑ ፍረታት ድማ እንቋቝሖ ዝተጸፍየሎም ስለዝኾኑ መባዝሒ ናይዞም ጽንጽያ ይኾኑ። ካብ ሓንቲ ብጽንጽያ ፍረታት ዝተጠቕዐት ፍረ፡ ብውሑዱ ኣስታት 300 ዝኣኽሉ እንቋቝሖ ክርከቡ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ነዞም ዝወደቑ ፍረታት ኣኪብካ ኣብ መሬት ምቕባር ከም ቀዳማይ መከላኸሊ ሜላ እዩ።

2. **ብወረቐት ሳንጣ ምጥቕላል፦** እዚ ኣገባብ ንነፍሲ ወከፍ ንምብሳል ዝቐረበ ፍረ ቅድሚ ኣንስተይቲ ጽንጽያ ክትጸፍየሉ እት'ኽእል ደረጃ ምብጽሑ ክካየድ ኣለዎ። ኣንስተይቲ ጽንጽያ በቲ ነዊሕን በሊሕን መጽፈ-እንቋቝሖ ምእንቲ ከይተርክቦ ዝኾነ ነኳል ክህልዎ ኣይግባእን። እዚ ኣገባብ ኣህላኽን ግዜ ዝወስድን'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መንበሪ ገዛ ዝርከቡ ውሑዳት ኣግራብ ክንጥቀመሉ እንኽእል ሓደ ካብ ውሁድ ሜላ ምክልኻል ባልዓት እዩ።

3. **ምንጻግ ጸረ-ባልዓት፦** እዚ ኣገባብ፡ ንብከላ ሰባትን ኣከባብን ዘቃልዕ ብምዃኑ ከምኡ'ውን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝተገምገመ ኣጠቓቕምኡ ኣብ ሓረስቶት ኣድማዒ ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ መብዛሕትኦም ሓረስቶትና ነታ ኣንስተይቲ ጽንጽያ እንቋቝሖ እትጸፍየላ ልክዕ ግዜ ስለ ዘስሕትዋ፡ ኣብቲ ቀርበት ናይቲ ፍረ ምልክትን ቁስልን ክገብር ምስ ጀመረ እዮም መድሃኒት ዝነጽጉ። እዚ ድማ ድሮ እቲ እንቋቝሖ ተጸፍዩን ተጫጪሑን ምብላዕ ዝጀመረሉ ግዜ እዩ። እቲ መድሃኒት ከየድምዐ ንብከላ ጥራይ ኣቃሊዑና ይተርፍ ማለት'ዩ። ስለዚ ከሚካዊ ጸረ ባልዕ ኣወጊድና ካልእ ምስ ጥዕና ሰባትን ውሕስነት ኣከባቢን ዝቃዶ ሜላ ክንጥቀም ይግባእ።

4. **ፍረ ቕድሚ ምብሳሉ ምእራይ፦** እዚ ኣገባብ፡ ካብ መጥቃዕቲ ናይ ጽንጽያ ፍረታት ንምምላጥ ተባሂሉ፡ ብፍላይ ኣብ ኣፍረይቲ ማንጉስ ይሰርሓሉ። እንተኾነ ተኸዚኑ ዝበሰለ ከምቲ ኣብ ገረቡ ዝበሰለ ብዓይኒ ዕዳጋ ስሓብነት ስለ ዘይብሉ፡ ብመጠኑ ኣብ ክሳራ የእቱ። ንብዝሒን ቀጻልነት ወለዶታት ጽንጽያ ፍረታት ስለ ዘሰናኽል ግና ከም መኸላኸሊ ሜላ ክጽብጸብ ይከኣል።

5. **ዝንጸግ መጻወድያ፦** እዚ ኣገባብ፡ ሓደ ካብቲ ውሑስን ኣድማዕን ሜላታት ምቍጽጻር ጽንጽያ ፍረታት እዩ። ዝኣኽሉ ጽንጽያ ፍረታት፡ ንቡር ናይ ምፍራይ መስርሕ ንኸካይዱ ፕሮቲን የድልዮም። እምበኣር ዝተመስርሐ ፕሮቲን ምስ ውሑድ ዓቐን ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ተሓዊሱ ኣብ ጉንዲ፡ ጨናፍርን ኣቝጽልትን ይንጸግ'ሞ፡ በቲ ፕሮቲን ተሳሒቦም ዝመጹ ጽንጽያታት ምስ ተመገብዎ በቲ ጸረ-ባልዕ ተሰሚዮም ከም ዝሞቱ ዝገብር ሜላ ምቍጽጻር እዩ።

6. **መጻወድያ ጽንጽያ ፍረታት፦** ኣብ ላዕሊ ከም ዝገለጽናዮ ፕሮቲን ዘድልዮም እኹላት ጽንጽያታት ኣብ ክንዲ ናብቲ ሽታ ፍረታት ዝኸዱ፡ ናብቲ ንዕኦም ክስሕብ ዘዳለናዮ መጻወድያ ከም ዝኣትዉ ጌርና ንዑደት ሂወቶም ብምስንኻል እንጥቀመሉ ሜላ ምኽልኻል እዩ። እዚ ሜላ፡ እታ ፍረ ቕድሚ ምብሳላ ዘሎ እዋን ክሳዕ ናይ ፍረ ግዜ ዝውዳእ ኢና እንጥቀመሉ። ኣብዚ ጽሑፍ፡ ክልተ ኣገባብ ምድላው መጻወድያ ጽንጽያ ክንርኢ ኢና።

**ሀ. ካብ ጽማቝ ፍረታት ዝዳሎ መጻወድያ**

ጽማቝ ፍረታት ማለት ካብ እተፈላለዩ ፍረታት (ብዘይካ ዓሌት ኣራንሺ) መቲርና ምስ ሽኮር ሓዊስና ንሓሙሽተ መዓልቲ ዓጺና እንረኽቦ ፈሳሲ እዩ። (ኣብ ካልእ እዋን ብስፍሕ ዝበለ ንኣደላልዋኡ ዝምልከት ክቐርብ እዩ።)

250 ሚሊ ሊትሮ (ሚ.ሊ) ካብ ጽማቝ ፍረታት፡ ምስ 750 ሚ.ሊ ፈሊሑ ዝዘሓለ ኣቸቶ (ትሕዝቶ ማይ ከነህፍፍ ኢና እነፍልሖ) ሓዊስና ናይ ሓደ ሊትሮ ሕውስዋስ ነዳሉ። ብምቕጻል፡ ነናይ 100 ሚ.ሊ ዝኸውን እናፈለና ኣብ መትሓዚ ማይ ፕላስቲክ ብኽልተ ወገን ጐኑ መሳኹቲ ጌርና፡ ብገመድ ኣሲርና ኣብቲ ዝድለ ዘሎ ገረብ ነንጠልጥሎ። ኣብ ሓደ ገረብ ከከም ኣድላይነቱ ካብ 3 ክሳዕ 6 መጻወድያ ከነንጠልጥል ንኽእል። ሽታኡ ስለ ዝሃፍፍ ንኣድማዕነት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ሰሙን ምቕያር የድሊ።



ኣቶ ፊልሞን ኣፈወርቂ

**ለ. ካብ ለቢቶ ዝዳሎ መጻወድያ፦** እዚ ሜላ ምክልኻል ንኸተዳልዎ ዝቐለለ፡ ኣድማዕነቱ ድማ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ኣብ መኽደን ዘሎዎ ብኽልተ ወገኑ መሳኹቲ ዝተገብረሉ ፕላስቲክ ማይ፡ ሓደ ማንካ ሽኮር ለቢቶ፡ ሓደ ማንካ ሽኮር፡ ማይ ድማ 100 ሚ.ሊ ጌርና መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ንማለቱ ሓንቲ ንእሽቶ ንጣብ ንገብረሉ። እቶም ጽንጽያ ካብቲ ፈሳሲ ተመጊቦም ክኸዱ ስለ ዘኽእሉ ምእንቲ ክስመሙ ኢና ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ንገብረሉ። ነዚ ድማ ኣብቲ ተደልዩ ዘሎ ገረብ ነንጠልጥሎ። ሰሙናዊ እናቐያየርና ንጥቀመሉ።

እዞም ዝጠቐስናዮም ክልተ ኣገባባት፡ ብውሕስነትን ኣድማዕነትን ኣገደስቲ ኰይኖም፡ ምስቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ተጠቃምነት ቀመማዊ ጸረ-ባልዕ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራድ ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ኣብ ሓረስቶት ንምትእትታው ዘተባብዕ ሜላ ብምዃኑ፡ ኩሎም ብጽንጽያ ፍረታት ዝሸገሩ ሓረስቶት ክጥቀምሉ ይምከሩ።

***



---

ንቐደም በሉ!

## መምለሲ ሃዋሃዋ ባኒ (One Bowl savoury bread)

**ዘድልዩ ጥረ ነገራት**



- 2 ኩባያን ፈረቓን (350 ግራም) ሓሩጭ ፊኖ ወይ ስርናይ
- 1 ማንካ ጣውላ (15 ሚሊ ሊትሮ (ሚ.ሊ)) ቤኪን ፓውደር
- 1/2 ኩባያ (125 ሚ.ሊ) ርግኦ ወይ ብራሕ
- 1 ኩባያ (250 ሚ.ሊ) ጥሑን ፎርማጆ
- 1 ማንካ ሻሂ (5 ሚ.ሊ) ኣዋዘ ወይ ሰናፍጭ (ከም ኣድላይነቱ)
- 1 ማንካ ሻሂ (5 ሚ.ሊ) ጨው
- 2/3 ኩባያ (160 ሚ.ሊ) ዝመጸጸ ጸባ ወይ ጸባ
- 2 ዓበይቲ እንቋቝሖ
- ፍርቂ ማንካ ሻሂ (2.5 ሚ.ሊ) በርበረ ምስ ብደቂቕ ዝተመትረ ክልተ ጉዕ በርበረን ብደቂቕ ዝተመትረ ፐርሴሜሎን

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**

መጀመርታ፡ እቶንና ኣብ 190 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ ነርስና። ክልተ መስርሒ ባኒ ዝኹነና ሸሓኒ ድማ ዘይቲ ንለኽዮ። ነቲ ዘዳለናዮ ሓሩጭ፡ ቤኪን ፓውደር፡ ጥሑን ፎርማጆ፡ ኣዋዘ ወይ ሰናፍጭ፡ ጨው ብሓደ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ መትሓዚ ንሓዋውሶ። ቀጺልና፡ እንቋቝሖ፡ ርግኦ ወይ ብራሕ፡ ዝመጸጸ ጸባ ወይ ጸባ፡ ብሓደ ኣብ ካልእ መትሓዚ ንወቕዖ። ብምቕጻል፡ እቲ ዘዳለናዮ ሕውስዋስ ፈሳሲ ናብቲ ኣቐዲምና ዘዳለናዮ ሓሩጭ ብምሕዋስ፡ ጽቡቕ ጌርና ነወሃህዶ። ምስ ተወሃሃደ፡ ኣብቲ ዘይቲ ለኺና ዘዳለናዮ ሸሓኒ ንግልብጦ'ሞ፡ ብልዕሊኡ በርበረ ምስ ብደቂቕ ዝተመትረ ክልተ ጉዕ በርበረን ፐርሰሜሎን ንንሰንሰሉ። ካብ 40 ክሳዕ 45 ደቓይቕ (ክሳዕ ዝበስል) ኣብ እቶን/ ፎርኖ ነእትዎ። ምስ በሰለ ድማ ኣዝሒልና ንመግቢ ንቕርቦ።

**ምንጪ ጽሑፍ:-** *Ursula Ameen*

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662/ 07620609 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ልምዲ ንባብ ንኸማዕብል...?



ደዋሊት፤ ሄለው ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እወ ኣይተጋገኽን። መን ክብል፡ ካበይ ትድውሊ ኣለኺ?

ደዋሊት፤ ዲና እብሃል፡ ካብ ኣስመራ ድማ እድውል ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ዲና፡ እንታይ ክሕግዘኪ?

ደዋሊት፤ ኣነ ጓል 19 ዓመት ኮይነ፡ ተማሃሪት 11 ክፍሊ እየ። ኣብ ትምህርቲ ድሓን ዝኾነ ንጥፈት ኣለኒ። ምስ መማህርተይ ብምውድዳር ምስ‌ቶም ቀዳሞት ሓሙሽተ እየ ዝስራዕ። ሓፈሻዊ ገምጋም ነጥበይ ልዕሊ 90 እዩ። ሕጂ ግን ኣብ ኣእምሮይ ሓደ ስክፍታ ይቀላቐለኒ ኣሎ'ሞ ዓቕምኻ ኩተማኽረኒ ምደለኹ።

ኣማኻሪ፤ ከምቲ ዝበልክዮ ዓቕመይ ጥራይ ይኹን'ምበር ኣገልግሎትና ምኽሪ ምሃብ ስለዝኾነ ዘሰክፍ የብልክን። ነጻ ኴንኪ ኣዕልልኒ።

ደዋሊት፤ ኣብዚ ቀረባ ሰሙናት'ዩ፡ ኂኂ ናይቲ ቀዳም እንመሃሮ ተወሳኺ ትምህርቲ ብመማህራን ዝወሃበና ምኽርን ማዕዳን ኣሎ። ኣብኡ ሓደ መምህር "ዘየንብብ ተመሃራይ ከምቲ ኣብ ታኒካ ዝዐቖለ ተኽሊ'ዩ። ናብቲ ዝድለ ፍረ ክበጽሕ ብዙሕ ጸገማት'ዩ ዘጋጥሞ፡ " ኢሉ ከንብብ ከም ዘለና ብኣብነት ኣሰኒዩ ምዒዱና። እቲ ምኽሪ ጽቡቕ'ኳ እንተነበረ ንዓይ ግን ብዙሕ ኣሰኪፉኒ።

ኣማኻሪ፤ እቲ ኣብ ክፍሊ ከም እተመዘገብዮ ክትሕብርኒ ዝጸናሕኪ ነጥብን ተርታን ሓደ ምልክት ናይ ንፉዓት ተመሃሮ'ዩ'ሞ እቲ መምህርኩም ዝሃበኩም ምኽሪ ድኣ ብኸመይ ኣሰኪፉኪ?

ደዋሊት፤ እንታይ ደዩ መሰልካ፡ ኣነ ኣብ ቅድሚት ኮፍ ምባል ዝፈቱ ኮይነ፡ መምህር ክምህር እንከሎ ጽን ኢለ እየ ዝሰምዕ። ሓንሳብ ዝሓዝክዎ ድማ ኣይርስዖን'የ። ካብ ቤት ምህርቲ ወጺአ ግን ብመምህራን ዝተዋህበኒ ዕዮ ገዛ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ፈጺመ ኣየንብብን እየ። ብሓጺሩ ምንባብ ኣይፈቱን እየ። ዘንብቡ እንተርእየ'ውን ዓቕለይ'ዩ ዝጸበኒ። ዘይምንባብ ከምቲ መምህርና ዝበሎ ሳዕቤናት እንተ'ልዩዎ ድማ ቀዳመይቲ ኣነ እየ ዝኸውን። እዚ እዩ ኸኣ ንዓይ ኣጨኒቑኒ ዘሎ።

ኣማኻሪ፤ ናይ ትምህርቲ ጥራይ ዲኺ ዋላስ ጠቕላልካ ኢኺ ዘይተንብቢ?

ደዋሊት፤ ዋላ ሓንቲ ኣየንብብን'የ። እቲ ናይ ትምህርቲ'ውን ግድን እንተኾይኑ'ምበር ከንብብ ኣይብህግን'የ።

ኣማኻሪ፤ ስለምንታይ ኢኺ ዘይተንብቢ? ካብ ምንባብ ዝዕንቅፍ ጸገማት ኣለኪ ድዩ?

ደዋሊት፤ ብሓፈሻኡ'ኳ ድሌት ዘይምህላው'ዩ። ኣብ ርእሲኡ ግን ከንብብ እንከለኹ ዓቕለይ ይጸበኒ፡ መመለሲ ኣምባሁቕ፡ ገጸይ ብንብዖት ይሕጸብ። ከምኡ እናበልኩ'ሞ ከመይ'ለ ከንብብ?

ኣማኻሪ፤ ኣብ ክፍሊ ቅድሚት'የ ኮፍ ዝበል ኢልካኒ ነይርኪ'ሞ ከም ቃንዛ ዓይኒ፡ ምሕውዛዋዝ፡ ምድንጋር ፊደላት፡ ደቂቕ ጽሑፍ ዘይምንባብ ዝኣመሰሉ ናይ ምርኣይ ጸገማት ኣለኪ ድዩ?

ደዋሊት፤ ኣብ ኣዒንተይ ዝኾነ ዝርድኣኒ ጸገም የብለይን። ለንቅነ ኣብ ቤት ትምህርቲ መርመራ ዓይኒ ተገይሩልና ነይሩ። ዝተፈላለየ ግዝፍን ሕብርን ዘለዎ ጽሑፋት ካብ ዝተፈላለየ ርሕቀት ኣንብቡ ተባሂልና ብዘይ ጸገም'የ ኣንቢበዮ። ስለዝስ ናይ ዓይኒ ጸገም የብለይን'የ ዝብል።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ገዛ ድኻም ዝፈጥረልኪ ተወሳኺ ስራሕ ኣሎ ድዩ?

ደዋሊት፤ ካብ ምልዕዓል ገዛ ዝሓልፍ ተወሳኺ ስራሕ የብለይን። ፊልም ምርኣይ ግን ኣዝዩ እየ ዝፈቱ። ብፍላይ ምሸት ምስ ሞባይለይ ድቃስ'ዩ ዝፈላልየና። ክሳብ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ኢና ብገዛና ፊልም ንርኢ።

ኣማኻሪ፤ ፊልም ክትርኢ እንከለኺ'ኺ እቶም ምንባብ ዝኸልኡኺ ጠባያት ወይ ስምዒታት ይረኣዩኺዶ?

ደዋሊት፤ ፊልም ክርኢ ኣምስየ ድቃስ ክጠልመኒ እንከሎ ቀ'ሩብ ከምኡ ይስምዓኒ።

ኣማኻሪ፤ ከምዚ ትብልዮ ዘለኺ እንተኾይኑ፡ ጸገምኪ ልምዲ ንባብ ዘይምህላው'ዩ ዝመስል። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመናዊ ዓለም ድማ ከየንበብካ ክትጓዓዝ ኣዝዩ ሃሳዩ እዩ። ኩሎም ጸጋታት ናይዛ ዓለም'ኳ ብፍልጠት ኢና ክንረኽቦምን ኣብ መዓላ ክነውዕሎምን እንኽእል። ንባብ ድማ ሓደ ካብቶም ንኽንፈልጥ ዝሕግዙና መንገድታት'ዩ። ብዘይፍልጠት ናብቲ ክንበጽሖ እንደሊ ወይ ዘቐመጥናዮ ራኢ ክንበጽሕ ኣይንኽእልን ኢና። ከምቲ ጥሜትናን ጽምእናን ንምርዋይ መዓልታዊ እንምገቦን እንሰትን፡ ኣእምሮና'ውን መዓልታዊ ፍልጠት ክንቕልቦ'ዩ ዝግባእ። ስለዚ ፍልጠትን ንባብን ፈላሊኻ ዝርኣዩ ኣይኮኑን። ልምዲ ንባብ ከኣ ቀስ ብቐስ ከነማዕብሎ እንኽእል ስለዝኾነ፡ ናይ ምንባብ ክእለት የብለይን ኢልና ክሳብ ክንድኡ ክንጭነቕ የብልናን። ጭንቀት ኣብ ተወሳኺ ጸቕጢ ምፍጣር ሓሊፉ መፍትሒ ክምጽእ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ፈለማ ካብ ጭንቀትን ስክፍታን ሓራ ብምኻን ናይ ንባብ ልምዲ ንምምዕባል ጻዕርታትኪ ሀ ኢልኪ ጀምርዮ። ገና ኣብ ንኡስ ዕድመ ስለዘለኺ ልምዲ ንባብ ንምምዕባል ኣይክኸብደክን'ዩ። ምብጋስ ጥራይ'ዩ ዘድሊ።

ደዋሊት፤ ክሳብ'ዚ ዘለኽዎ ደረጃ ዘይምንባብ ካብ ትምህርተይ ኣየትረፈንን'ሞ ናይ ንባብ ልምዲ ከማዕብል ግድን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ምናልባት ኣብዚ ዘለኽዮ ደረጃ ዘሎ ትምህርቲ ውሑድን ንምርድኡ ቀሊልን ይኾውን። ምስ ምውሳኽ ደረጃ ትምህርቲ ግና ሰፊሕን ንምርድኡ ብዙሕ መወከሲታት ክትፍትሺ ዘገድድን ክኸውን ናይ ግድን'ዩ። ሎሚ መምህርኪ ፈትፊቱ የረድኣኪ ኣሎ። ጽባሕ ንግሆ ግን ኑብስኺ ክኢልኪ ዝተፈላለዩ ዓውድታትን ነገራትን ክትምርምርን ኩተጸንዕን ክትብገሲ ኢኺ። እቲ ሕጂ እትኽተልዮ ዘለኺ ሜላ ኣረዳድኣ ሽዑ ከገልግለኪ ኣይክእልን'ዩ። እቲ ሕጂ ኮፍ ኣቢሉ ዝገልጸልኪ ዘሎ መምህር'ውን ብዙሕ መጽሓፍትን መወከሲታትን ፈቲሹ'ዩ ዝምግበኪ ዘሎ። ስለዚ ኣገዳስነት ንባብ ኣቃሊልኪ ክትርእይዮ የብልክን። ሕጂ ከየንበብኪ ስለዘኸፋዕኪ ንመጻኢ'ውን ከምኡ ገይረ ክሓልፍ'የ ዝብል መረዳእታ ካብ ኣእምሮኺ እለይዮ። ትምህርቲ እናሰፍሐን እናዓሞቐን ስለዝኸይድ ኣብ መጻኢ ዝሕግዘኪ ዓቕምታት ብምውህላል ኑብስኺ ኩተማራርይያ ፈትኒ። ዚያዳ ንምንጻሩ ሓንቲ ኣብነት ክህበኪ። ሓደ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኡ ቈልዓ፡ ኣዲኡ ሓቚፋ፡ ኣለምሊማን ኣቀባጢራን ኩተብልያ እንከላ ጽቡቕ'ዩ ዝበልዕ። ጽቡቕ ግዝፈ ኣካላት'ውን ኣለዎ ንበል። እዚ ቈልዓ'ዚ ኣዲኡ ኣብ ዘይትህልወሉ ከምቲ ንቡር ክበልዕ ዘይክእል እንተኾይኑ፡ ሽውሃቱ ክፉት'ዩ ኢልና ክንድምድም ንኽእልዶ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ ብዘይ ኣዲኡ ክምገብ ዘይክእል ወይ ዝረኽቦ ዘይበልዕ እንተኾይኑ ድኣ ክፉት ሽውሃቱ ኩብሃል ኣይክእልን'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ዝኾነ ሰብ ልምዲ ንባብ ዘይብሉ፡ ብዙሕ መጽሓፍቲ ብምፍታሽ ፍልጠት ባዕሉ ክእኩብ ዘይክእል እንተኾይኑ፡ ካብዚ ዝሃብኩኺ ኣብነት ዝፍለ ኣይኮነን። ንስኺ'ውን ሃሰውሰው ኢልኪ ብገዛእ ዓቕምኺ ፍልጠት እተዋህልልሉ ክእለታት ገና ኣየማዕበልክን ዘለኺ። ሎሚ ሓንቲ ገጽ ኩተንብቢ ትሸገሪ እንተ'ሊኺ ኣዝዩ ብዙሕ መጽሓፍቲ ኩተንብብ ዘገድድ ደረጃ ትምህርቲ ይጸበየኪ ኣሎ። ናይ ብዙሕ ዓመታት ፍልጠትኪ ዝጎምገመሉ ማትሪክን ዝተወሰነ ዓውዲ እተጽንዕሉ ኮለጅን ከም ኣብኑት ክጥቀስ ይክኣል'ዩ። ብፍላይ ናብ ኮለጅ ምስ ተጸንበርኪ ኣማኢት ገጻት ዘለዎ ኣዝዩ ብዙሕ መጽሓፍቲ ኩተንብቢ ክትግደዲ ኢኺ። ሽዑ ልምዲ ንባብ ዘይምህላው ብዙሕ ከሸግረኪ'ዩ። ብፍላይ ኣብ ደረጃ ኮለጅ መምህር ምክትታል ጥራይ'ዩ ስርሑ። ምፍታሽ፡ ምንባብ፡ ምግላጽ፡ ፈተነታት ምኪያድ፡ ምህዞኣውን ፈጠራውን ተበላሓትነት ባዕሉ ተመሃራይ'ዩ ዘካይዶ። ብሓፈሽኡ እዚ ናይ ምሓዝ ዓቕመይ ልዑል'ዩ፡ ጽን ኢለ እንተሰሚዐ ኣይርስዕን'የ ትብልዮ ዘለኺ ምንባብ እንተ ዘይወሲኽክሉ፡ ኣብ ቀጻሊ ዘዐውተኪ ኣይኮነን። ስለዚ ብኣግኡ ልምዲ ንባብ ምምዕባል ከድልየኪ እዩ።

ደዋሊት፤ እሞ ልምዲ ንባብ ዘይጸንሓኒ ሕጂ ከመይ'ለ ክኽእሎ? ከንብብ እንተ ጀሚረ ዝሰምዓኒ ነገረካ'የ። ዝኽእሎ ኮይኑ ኣይስምዓንን'ዩ ዘሎ።

ኣማኻሪ፤ ኣጆኺ ዘይክኣል ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ዝምዕበል ዘይኮነስ ቀስ ብቐስ እትለማመድዮ እዩ። ንኽትለምድዮ'ውን እኹል ግዜ እዩ ዘለኪ። ኩሎም'ቶም ሕጂ ዘለዉኺ ክእለታት'ኮ ብሓደ መዓልቲ ዝወነንክዮም ኣይኮኑን። ከምቲ ንዕኦም ብጻዕርኺ ብዘገምታ ዘማዕበልክዮም ልምዲ ንባብ'ውን ኩተማዕብልዮ ከም እትኽእሊ ኣሚንኪ ብምሉእ ተስፋ ተበገሲ። ገለ ካብቶም ብዙሓት ሰባት ልምዲ ንባብ ንምምዕባል ዝጥቀሙሎም ሜላታት ክሰግረኪ'ሞ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ግብሪ ኩተውዕልዮም ፈትኒ።

ደዋሊት፤ ካብ ዘይምፍታን ምፍታን ስለዝሓይሽ፡ ድሓን እቶም ሜላታት'ሞ ንገረኒ ዓቕመይ ክፍትን።

ኣማኻሪ፤ ፈለማ፡ እቲ ንምሉእ መዓልቲ ተጸሚድክሉ እትውዕሊ ዘለኺ ምርኣይ ፊልምታት ልምዲ ንባብን ካልኦት ክእለታትን ንኸይተማዕብሊ ጠንቂ ክኸውን ስለዝኽእል ኩተጉድልዮን ስሩዕ ሰዓታታት ክትገብርሉን ይግባእ። መዓልታዊ እሞ ኸኣ ንነዊሕ ሰዓታት ሞባይል ምርኣይ፡ ንግዜኺ ካብ ምቕጻጽ ሓሊፉ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ንኣዒንትኺ'ውን ኣብ ሓደጋ ከውድቐ ዝኽእል'ዩ። ስለዚ ብዘይ ውዓልሕደር ምርኣይ ፊልም ክትንክዩ ወይ ኩተውግድዮ ይግባእ። ብምቕጻል ናብቶም ልምዲ ንባብ ንኸተማዕብሊ ክሕግዙኺ ዝኽእሉ ሜላታት ክንሰግር።

ብመጀመርያ ንንባብ ዝኸውን ግዜ ፍለዩ። ግድን ኣይኮነን ሰዓት ክልተ ሰዓት ክትፈልዩ። ከም መጀመሪ ክኾነኪ ዋላ ፍርቂ ሰዓት ንመዓልቲ ኣብ ደስ ዝበለኪ ማለት ንግሆ፡ ቀትሪ ወይ ምሸት ፍለዩ። እኹል ድቃስ ኣብ ዝረኸብክሉ እንተኾነ ተመራጺ'ዩ። እቲ ቀዳማይ ዕላማ ናይ ምንባብ ልምድኺ ንምምሕያሽ ስለዝኾነ፡ ንዓኺ ዝስሕበኪ ክትሓስብዮ ባህ ዝበለኪ ከም ሓጺር ዛንታታት፡ ግጥምታት፡ ጥዕናዊ ጽሑፋት፡ ስነ-ልቦናዊ ምኽሪ፡ ዋዛታት፡ ሳይንስን ቴክኖሎጅን፡ ትፈትውዮ ዓይነት ትምህርትን ወዘተ ዝሓቖፉ ጽሑፋት ቀርቢ። ብድሕር'ዚ ነቲ እተንብብዮ ኣብ ኣእምሮኺ ከም ፊልም ወይ ስእልታት እናቐረጽኪ ምንባብ ጀምሪ። እተንብብዮ ብግዜ ወይ ብብዝሒ ጽሑፍ ምቕልዩም። ማለት በብሓሙሽተ ደቒቕ ወይ በብፍርቂ ገጽ። ምናልባት እቶም ኩተንብቢ እንከለኺ ዝመጽኡኺ ስምዒታት እንተ ተራእዮምኺ ምንባብ ኣቋሪጽኪ ንደቓይቕ ዕረፍቲ ውሰዲ። ቅድሚ ናብ ንባብ ምምላስኪ ብዛዕባ'ቲ እተንብብዮ፡ ብኸመይ፡ መዓስ፡ ስለምንታይ፡ ኣበይ፡ ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ኣውጽኢ። ሽዑ ናብ ንባብ ተመለስኪ መልሲ ናይቶም ሕቶታት ርኸቢ። ብኸምዚ ኣገባብ ፍርቂ ሰዓት ናይ ንባብ ግዜኺ ምስ ወዳእኪ ብዛዕባ'ቲ ንጽባሒቱ እተንብብዮ ተወሳኺ ሕቶታት ኣውጺእኪ ምንባብኪ ዛዝሚ። ነዚ ኣገባብ'ዚ ብዘይ ምቁራጽ መዓልታዊ ተለማመድዮ። ካብ ንባብ ዝረኸብክዮም ነጥባት ምስ ደቂ ትምህርትኺ ወይ ኣሕዋትኪ ኣዕልልሎም። ነዚ ኣገባብ ክሳብ ትመልክዮን ኣቐዲምኪ ዝገለጽክለይ ስምዒታት ክሳብ ዝእለዩልክን ተቓለሲ። ብዘመዛዝገብክዮም ከም ናይ ንባብ ግዜኺ ምኽብርን ዘንብብክዮ ናይ ምርዳእን ክእለታትኪ ንኡስኺ ኣድንቕያ። ክልተ ሰሙናዊ ኣብ ናይ ንባብ ግዜኺ ናይ 5 ደቒቕ ወሰኽ ግበሪ። ኣብ ንባብኪ'ውን ቀቁሩብ ደስ ዝበሉኺ ናይ ትምህርቲ ጽሑፋት ኣተኣታትዊ። እትውሰኽዮ ግዜን ጽሑፋትን ብፍታውኪ ኮይኑ፡ ስሩዕን ናይ ግዜ ፍልልይ ዘለዎን ክኸውን ኣለዎ። ማለት ደስ ኢሉኒ ኢልኪ መዓልታዊ ክትውስኺ ኣይትህረፊ። ዘተኣታተኽዮ ለውጥታት ኣእምሮኺ ክሳብ ዝለማመዶ እኹል ግዜ ሃብዮ። ተወሳኺ ሓገዝ ክኾነኪ ኣብ ቤት ትምህርትኺ ኣብ ከም ናይ መዘና መምህርን ክለብ ኣንበብትን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ተሳተፊ።

ደዋሊት፤ እሞ ሕጂ ድኣ ንሳዋ እንድየ ክኸይድ። እዚ እትብለኒ ዘለኻ ከመይ'ለ ኩተግብሮ?

ኣማኻሪ፤ ናይ ንባብ ልምድኺ ንምምሕያሽ ሳዋ ሓጋዚ ቦታ'ዩ። ካብዚ ንላዕሊ ኣብኡ ክትዕወቲ ልዑል ዕድላት ኣሎ። ስለዚ ብዛዕብኡ ስክፍታ ኣይሃልኺ።

ደዋሊት፤ እሞ የቐንየለይ! ክዕወት ተስፋ እገብር። ንዝሃብካኒ ምኽሪ ኣዝየ ኣመስግን።

ኣማኻሪ፤ ኣጆኺ፡ ኣካብድኪ ኣይትርኣያየ። ክትዕወቲ ኢኺ።

## ቃለ-መሕትት

# ምስ ደራስን ጋዜጠኛን ዘመንፈስ ሃይለ

## ኣብ መጽሓፍ “ኣቦይ ግርማይ”

## “ሰራሕቲ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ተረኽቲ ታሪኽና እውን ክንከውን ኣለና”

ተስፋይ ዕቑባይ

ቀዳማይ ክፋል

**ሕቶ- ንኣንበብቲ ‘ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ’ ምላኽ ንምልላይ ዝኣክል - ዘመንፈስ ሃይለ መን እዩ?**

- የቐንየለይ ተስፋይ - ፈለማ ንዓኻን ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ኣመስግነ። ብምቕጻል “ዘመንፈስ ሃይለ መን’ዩ?” ብሓቂ ኣገዳሲ ሕቶ እዩ ንዓይ። ግን ከኣ ብቐሊሉ ንምምላሱ ዝኸብድ እዩ። ስለ ዝኾነ እቲ ኣነ ብዛዕባ ነብሰይ ክብሎ ዝኽእል፡ ብመጠኑ ኾነ ምስ’ቲ ሰባት ብኸመይ እዮም ዝፈልጡኒ ዝኾኑ ዝበሎን ዝማስለንን ስብኡትይ ጥራይ እየ ክኸውን ማለት’ዩ። እዚ ስምዚ ንዝሓለፈ 49 ዓመታት ከም ሰብ፡ ንዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት ከኣ ከም ኣብ ስነጥበብ ዝጎየሰን ሓሊፉ እውን ፍርያቱ ናብ ሓፋሽ ዘቃልሕን ሰብ በቲ ሓደ መዳይ፡ በቲ ኻልእ’ውን ኣብ ጋዜጠኝነት ብዝተፈላለየ መልክዑ ክሳተፍ ዝጸንሐን ዘሎን ሰብ እየ እብል።




ኣብ ስነጽሑፍ ናተይ ቀንዲ ባህጊ፡ ስነ-ግጥሚ እዩ። ብድሕሪኡ ልብ-ወለድ እዩ። ቀጺሉ እዩ እቲ ዘይልብ-ወለዳዊ ወይ መጽናዕታውን ጋዜጠኝነታውን መዳይ ዝስዕብ። እዚ ማለት ብዓብኡ እዚ ሎሚ ኣራኺብና ዘሎ ኣርእስቲ፡ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት “ኣቦይ ግርማይ” ዝኣማሰለ ስርሓት’ውን ዘጠቓልል እዩ።

ካልእ ንህሉው ኩነታተይ ብዘምልከት፡ ኣብዚ ግዜዚ ኣባል ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኮይነ፡ ኣብ መኩሳን ሓብሬታን ጉዳያትን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ጨንፈር ባህልን ስነጥበብን ከም ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር ትምህርትን መጽናዕትን ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።

**ሕቶ- ንሎሚ ብቐጥታ - ብዛዕባ ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ዝሕተምካዮ መጽሓፍ ኢና ተራኺብና ዘሎና። “ኣቦይ ግርማይ፡ ዛንታ ህይወትን ስነጥበብን ግርማይ ሰሎሞን በራኺ 1932-2019 ምስ ቀንጮል ካብ መሰረት ታሪኽ ዘመናዊ ስነጥበብ ኤርትራ” እያ እትብል። ቀዳመይቲ መጽሓፍካ እያ ኮይና ዘላ’ሞ እስከ ብዛዕባኣ እንታይ ትብለና?**

- ጽቡቕ፡ ኣቐዲመ ሓደ ከዘረኽሮ ዝደሊ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ኸኣ እንታይ’ዩ ከሉ ነገር ብተዛማዲ እንድዩ ዝምዘን - ስለ’ዚ እዚ መጽሓፍ’ዚ ዋላ ድኣ ጽቡቕ ተቐባልነት ምርካቡ ዘሐጉሰ ይኹን’ምበር፡ ብኸሉ ኸሉ ክርኣ እንከሎ ሓደ ንኡስ ዕዮ ናይ’ቲ ክየገር ዝኣኽል ገዚፍ ሰራሕ ምዃኑ እዩ።

ናብ ሕቶኻ ክምለስ፡ ሓቅኻ ኢኻ እዛ መጽሓፍ ቀዳመይቲ ወይ በኹሪ መጽሓፈይ ኢያ። እንተኾነ ንሸኻ ኩነ ካልኦት ብጾት’ውን ኣጸቢቕኩም ከም እትፈልጥዎ፡ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ሓንቲ ካብቶን ድሒረ ዝዳለኹወን እያ። ቅድሚኣ ውሑዳት ዘይከና ወዳኣት ፈጠራውን ዘይፈጠራውን (creative and none creative) ዝኾና ትሕዝቶ ዘለወን - ግን ደማ ናብ ማሕተም ዘይበጽሓ መጽሓፍቲ ኣለዋኒ።

እዛ ሎሚ ኣራኺባትና ዘላ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት “ኣቦይ ግርማይ” ግን፡ ልክዕ ከምኣም ከም ኣቦይ ግርማይ፡ ዕድለኛ ኮይና እያ ንኸለን ቀዲማ ናብዚ ደረጃዚ በጺሓ ዘላ።

**ሕቶ- ከመይ ማለት፡ ብኸመይ ድያ ተዳልያን ናብ ማሕተም በጺሓን?**

- እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብወዝቢ ክበሃል ብዘኽእል መዳዩ፡ ኣብ 2016 ዝተጀመረት ስራሕ እያ። ኣጀማምራኣ፡ ምስ ምርምርን ስነዳን ብምዃን ንታሪኽ ጉዳይም ስነ-ጥበበኛታትና ንምስናድ ብዝብል ሓሳብ ዝቖለ እዩ ነይሩ። እዚ ሓሳብ’ዚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኾይኑ፡ ምስ’ቲ ኣብቲ እዋን ኩነታት ጥዕና ኣቦይ ግርማይ የንቈልቍል ምንባሩ፡ ‘ንዓኦም ቀዳምነት ብምሃብ ይጀመር’ ኢልና፤ ንዕኦም ኣቐዲምና ብቐጥታ ምስ ኦውደዮ-ቪዥዋል AVIS ብምዃን፡ ተኸታታሊ ቃለ-ምልልስ ኣካይድና። ስለ’ዚ ኸኣ፡ እቲ ዝበዝሐ ትሕዝቶ ናይ’ዛ መጽሓፍ ንዓኦም መወከሲ ዝገበረ እዩ። .

**ሕቶ- ዛንታ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ኣብ ሃገርና ብዙሕ ልሙድ ኣይኮነን ጽሒፉ፤ ንሸኻ ከመይ ኢልካ ኢኻ ናብዚ ልሙድ ዘይኮነ ዓውዲ ኣቲኻ ክትሰርሕ መሪጽካ?**

- ሓቅኻ ኢኻ፣ እዚ ሓደ ካብ መዳያት ስነጽሑፋዊ ዕዮታት ወይ ዓሌት (genre) ዝኾነ ዓውዲ’ዚ፡ ኣብ ሃገርና ክሳብ ክንድ’ቲ ልሙድ ኣይኮነን ጽሒፉ። ኣነ ኣብ’ቲ ዛንታ ብስሩ ንምትሓዝ፡ ዚ ሰራሕ’ዚ ኣብ 2013፡ ታሪኽ ህይወት ከሉ-መዳያዊ ስነጥበበኛ ክቡር ኣቦና መምህር ኣስረስ ተሰማ ንምጽሓፍ ኢለ እየ ናብ’ዚ ዓውዲ’ዚ ተኣልየ’ምበር፡ ከም’ቲ ኣቐዲመ ክበልካ ዝፈተንኩ፡ ናተይ ዓውዲ ፈጠራዊ ጽሑፍ - ማለት ስነጽሑፍ፡ ግጥምን ልብ-ወለድን እዩ።

እንተኾነ ኣብ ክራማት ናይ 2013፡ ብዝተጉዳዕኹት ኣቶ ኤልያስ ኣማረ ኣቢሉ፡ ምስ ሰድራቤት መምህር ኣስረስ ተሰማ ተራኺበ፡ ሽዑ ኣቶ ኤልያስ ኣማረ ብዘንቀሎ ቅዱስ ሓሳብ፡ ‘ታሪኽ ህይወት መምህር ኣስረስ ብመልክዕ መጽሓፍ ክዳሎ ኣለዎ’ ተባሂሉ። ኣብቲ እዋን ድሮ መምህር ኣስረስ፡ ብጽንዑ ሓሚሞም ዓራት ሐዚሞን ዝኾኑ ነቲ ዛንታኦም ዝምልእ ሓሳባት ክህቡ ኣብ ዘይክእሉሉ ደረጃ በጺሖምን እዮም ጸኒሖምና። ብዝኾነ እቲ ሓሳብ በቶም ሰድራቤት ቅቡል ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ፡ ምስኦም ተሰማሚዕና፡ ታሪኽ ህይወቶም ዝሓዘ መጽሓፍ ንምድላው ክንቀሳቐስ ጀሚረ ማለት’ዩ።

እቲ ኣጀማምራ ከምዚ እዩ። እቲ ዛንታ ከይሰፍሓና ምእንቲ ግን፡ ምስ’ዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ጉዳይ ንምትሕሓዙ፡ ዚ ናይ መምህር ኣስረስ ተሰማ ጉዳይ ከጽንዕ ክበል፡ ብዕምቈት ናብ ታሪኽ ዘመናዊ መዚቃ ኤርትራ ክኣቱ ተገዲደ። እዚ ኸኣ ምስ ምርምርን ስነዳን ኣራኺቡኒ። ኣቶ ዘምህረት የውሃንስ ኑቲ ኩነታት ምስ ርእዩ፡ ካልእ ዕዮ ገዛ ሂቡኒ። ‘ንመጽሓፍ ጠያሞት ዳምጋይ ኣሰፊሕካ ምድላዋ’ ዝብል ከኣ እዩ። ኣነ እውን ባህ ኢሉኒ ተቐቢለዮ። እንተኾነ ብወገነይ እውን ዘየዳ ናብቲ መጽናዕቲ ምስ ኣተኹ፡ ክንዲ ንመጽሓፍ ጠያሞት ዳምጋይ ምኽላሱ፡ ከም ብሓዲሽ ንታሪኽ ዘመናዊ መዚቃ ኤርትራ ጥራይ ፈልየ ክጽንዖ ተበጊሰ።

ቅቡል ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ሕጂ ኪኖኡ እውን ኣስፊሐ፡ ንታሪኽ ያታውን ዘመናውን መዚቃ ኤርትራ ኣብ ምጽናዕ ኣትየ እሰርሕ ኣለኹ። ኣብ’ዚ ከምዚ ዝኣማሰለ መድረኽ ከኣ እዩ ምድላው መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ኣቦይ ግርማይ ዝበጽሐ ሓሳብ እውን መጺኡ። እዚ ኸኣ ካልእ ተወሳኺ ዛንታ’ውን ኣለዎ።

**ሕቶ- ከመይ ማለት?**

- ኣብ 2016 እዩ ዝማስለ፡ ንኣቦይ ግርማይ ፈታውኦምን ኣድናቖኦምን ዝኾኑ ብጹይ ርበል ተኽለ (ወዲ ዓንደል) ካብ ሽወደን ይመጽእ’ሞ፡ ንታሪኽ ኣቦይ ግርማይ ክሰንድ ከም ዘለዎ ይሓስብ። እቲ ሓሳብ፡ ኢሉ ኢሉ. . . ማዕበሉ፣ ናብ “ብመልክዕ መጽሓፍ ምድላው ይምረጽ” ዝብል በጺሑ። ኣቦኡ’ውን ደው ኣይበለን “ናይ ኣቦይ ግርማይ ታሪኽ ንበይኑ መጽሓፍ ኣይኣክልን’ዩ። ስለ’ዚ ታሪኾም ምስ ታሪኽ ናይቶም ክልተ ምስኦም ኣብ ኢትዮጵያ ታሪኽ ዝሰርሑ፡ ኣርቲስት ስነጥበበኛታት - ኻሊቃ ግርማይ ሓድጉን ኣበበር ኣሰክሕን ተሓዊሱ ክዳሎ” ዝብል ኮኑ። ኣነ ነዚ ሓሳብ ተቐቢለ ኑቲ ዛንታ ናይ ሰለስቲኦም ታሪኽ ክጽንዖ ጀሚረ። ናይ ኣበበር፡ ብዓልቲ-ቤቱ ዝዳለወታ መጽሓፍ ስለዘሎ፡ ካብኣ ብምውካስን ተወሳኺ ካብ ፈለጥቱን ሰዓቱን ብጽንዖርኹ፤ ናይ ኻሊቃ ግርማይ ሓድጉ፡ ሓደሽ መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ናይ ኣቦይ ግርማይ ድማ ከም’ዚ ኩብሎ ዝጸናሕኩ ብሓደሽ መጽናዕቲ።

ኣብ’ዚ መስርሕ ኸኣ’ዩ እቲ ሓሳብ ማዕበሉ፡ ታሪኽ ኣቦይ ግርማይ ንበይኑ መጽሓፍ ክወጽኦ ከም ዝኽእል ተረዲኡ። ብኸምኡ ኸኣ ምስ ብጹይ ርበል ተኽለ (ወዲ-ዓንደል) ብምትሕብባር፡ ንሱ ኑቲ ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ክሸፍኖ፡ ኣነ ሞያዊ ኣበርክቶይ ክግበር ኢልና ጀሚርናዮ። ብጹይ ርበል፡ ብፍላይ ኣብቲ ቀዳማይ መድረኽ፡ ክሳብ’ቲ ናብ ኢትዮጵያ ከይደ ንልዕሊ ወርሒ ዝገበርኩዎ መጽናዕቲ - ይጠልቦ ንዝነበረ ኩሉ ወጻኢታት ከይተረፈ ብምሽፋን፡ ኣብ’ዚ ስራሕ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ ግዱስ ዜጋ እዩ።

**ሕቶ- ስለምንታይ እዩ ግን ካብ’ዞም ኩሎም ስነጥበበኛታትና ፈሊኻ ብኣቦይ ግርማይ ክትገደስ ክኢሉ፡ ንምንታይ?**

- ጽቡቕ፡ እዚ ዝያዳ ንሱ ክምልሶ ዝግብኦ ሕቶ’ዩ፡ ተሰፋ እንበር’ውን ርበል ምስ መጽአ ደዩ ካብ ዘለዎ ኹይት ተሓቲቱ ናቱ ምላሽ ክህበሉ። ይኹን’ምበር፡ እቲ ተበግሶኡ ኣነ’ውን “ንምንታይ?” ኢለ ሓቲተዮ እዩ። ዝበርም ነገር እውን እዩ። ሰብ ንታሪኹ ይኹን ንታሪኽ ሰድራቤቱ ክጽሕፍ ኣብ ዘይተማህሉ ዘሎ ግዜ፡ ንሱ ንታሪኽ ሓደ ፋላጡኡ ወይ ዘድንቖም ሰብኣይ ክጽሓፍ’ዩ ተዓጢቑ። እቲ ምኽንያት ክልተ እዩ። ቀዳማይ፡ ኣነ ምስ ተወከስኩዎ ዝሃበ ምላሽ፡ ብሃገራዊ ታሪኽና ብምጉዳስ ዝወሰዶ ተበግሶ እዩ። እቲ ኻልእ ዝርዝር ኣብቲ መጽሓፍ ኣሎ’ንደዩ ክሰግሮ እዩ። እቲ ክጠቕሶ ዘለኒ ንኽሳትና እውን መማሪ ይኹንና’ዩ ዝበሎን ግን፣ ብጹይ ርበል ኣብ ሽወደን’ዩ ዝዐበየ።

ኣብታ እዋን ምርኻብና “ንምንታይ ተጉዳሽካ ኣብ ታሪኽ ኣቦይ ግርማይ?” ንዝበል ሕቶ፡ ንሱ - “ኣብ’ዚ እዋን’ዚ .” ኢሉ፡ “ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ሽወደናውያን ናይ ካልኣይ ኩናት ዓለም ታሪኾም ብዘተኻእለ መጠን ብምልኣት ንምጽሓፍ፡ ነየም ኩሎም ኣብታ ግዜ’ቲኣ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ብህይወት ዝነበሩ ብኣካል ብምርካብ፡ ቃለ-መጠይቓት ብምግባር ታሪኽ ዝሰንዱ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ሞያውያን ብምእካብ ብወፈራ ተተሓሒዞምዎ ኣለው። እዚ ተግባራቶም እዚ ኸኣ’ዩ ንዓይ ብታሪኽ ሃገረይ’ውን ከም ዝሓስብ ገይሩኒ፡ ‘ንሕና’ውን ታሪኽና ሰብ ታሪኽ ብህይወት እንከለዉ ብግቡእ ካብኣቶም ከም ዝሰንድ ክንገብር ኣለና!’ ኢለ እየ ሓሲበ፡” ብምባል፡ ኑቲ ሕቶ ብኻልእ ዕድለኛነት ኣቦይ ግርማይ እያ ዘተሓሳስባ። እሞ ንሕና’ውን ሰራሕቲ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ተረኽቲ ታሪኽና’ውን ክንከውን ኣለና እያ ክብል ደልየ።



ኣገዳሲ ሰፊሕን ኣገራምን ሓቂ ኣሰንዩ እዩ መሊሱለይ። ዝገርም’ዩ!።

ብዝኾነ፡ ምስ’ዚ ጉዳይና ንምትሕሓዙ፡ ንሱ’ውን ብዓቕሙ ብታሪኽ ኣቦይ ግርማይ እጃሙ ከበርክት ተበጊሱ ማለት እዩ። ብኸምኡ ናብ ምድላው እዛ መጽሓፍ ኣቲና። እንሆት ከኣ ብዙሕ ሕልኽልኽ ዝበለ መስርሓት ሓሊፉ፡ ኑተን ካልኣት ካብኣ ንላዕሊ ሕልኽላኽ ዘጋጠመን መስልታ ሰጊራ፡ ኣብዚ በጺሓ። ዚ’ውን ኣቐዲመ ክብሎ ከም ዝፈተንኩ፡ ምስቲ ካልእ ብዙሕ ዕድለኛነት ኣቦይ ግርማይ እያ ዘተሓሳስባ። እሞ ንሕና’ውን ሰራሕቲ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ተረኽቲ ታሪኽና’ውን ክንከውን ኣለና እያ ክብል ደልየ።

**ሕቶ- ብሓቂ ዝገርም’ዩ። እሞ እዛ መጽሓፍ ብኸመይ እያ ተዳልያ ዘላ፡ ዝሓለፈቶ መስርሕ’ኸ እንታይ እዩ ዝመስል?**

- እዛ መጽሓፍ፡ ድሮ ኣብ ዕለተ መመረቕታ ድሓር ኣብ ገለ ቃለ-መጠይቓትን ከብርሆ ከም ዝፈተንኩ፡ ዝተዳለወትሉ ኣገባብ ብዘምልከት እንተድኣ ኾይኑ፡ እቲ ሓደ ኣቡቲ ምስ ኣቦይ ግርማይ ዝተኻየደ ሰፊሕ ቃለ-መጠቕት ምርኩስ ብምግባር’ዩ። ዝተረፈ ኣቐዲመም ንሶም ምስ ዝተፈላለዩ ጋዜጠኛታትን ማዕከናት ዜናን ካብ ዘካየዱዎ ቃለ-ምልልስ ዝተረኽበ ተወሳኺ ሓብሬታ’ዩ። ብምቕጻል፡ ምስ ብዙሓት ‘ጽቡቕ ገይሮም ይፈልጡዎም እዮም’ ዝተባህሉ ዓበይትን መንእሰያትን ብምርኻብ ካብ ዝተኻየደ ቃለ-ምልልሳት ዝተረኽበ ሓብሬታ ኣሰኺኻን ኣመሳኺርካን ዝተዳለወት እያ። ይኹን’ምበር፡ መጽናዕታዊ ዕዮ ኸሉ ግዜ ብዝተፈላለየ መስርሕ ስለ ዝሓልፍ፡ ኣብኡ ኸኣ ብዙሕ ደጋፍን ዓንቃፍን ተርእዮታት ክህሉዎ ግድን’ዩ። ብሰንክኡን ብዑላኡን ከኣ ገለኡ ኣገዳሲ ብዘዕጉብ ምላሻት ይዕጾ፡ ገለኡ ሓብሪ ወይ ንኻልእ መጠባሲ ብዘሸውን ኣገባብ ጥራይ ይድረት። ገለኡ’ውን . . ካብኡ ንታሕቲ ይኸውን እዩ። ብዝኾነ ዚ ኸሉ ሓሊፍካ ኣብ መውዳእታ ኣብይ ትበጽሕ’ዩ? ኣነ ኣብዛ መጽሓፍ’ዚኣ በጺሐ ኣለኹ። ወይ እዛ መጽሓፍ’ዚኣ ብኸምኡ ዝኣማሰለ መስርሕ እያ ሓሊፋ።

**ሕቶ- ኣብቲ ዕለተ-መመረቕታ ንምጋምጋምን ምስትምቓርን ካብ ዘቕረቡ ሓደ ገዲም ስነጥበበኛን ደራስን ተመራማርን ሰሎሞን ጽጋዩ፡ “ዘመንፈስ ኣብዛ መጽሓፉ ጓሕጓሒ ኣገባብ ምርምር እዩ ተጠቒሙ፡ ኣብ ገለ ኣስ የብዝሖ እኳ ድኣ” ክብል ገሊጹ ነይሩ። እዚ እንታይ ንምባል’ዩ? ከመይ ዲኻ ተጠቒምካ?**

- ልክዕ እዩ፡ ጽቡቕ ኣሎ ኣቶ ሰሎሞን ጽጋዩ። ንሱ ከም ሞያዊ ልዕሊ ኻልእ ሰብ ጽቡቕ ገይሩ ይርድኦ እዩ። ብዘወሳኺ’ውን ሓደ ካብቶም ኣብ’ዚ ስራሕ ካብ ምጅማሩ ኣትሒዙም ዘተባብዑኒን በየዚኡ ንምዕባለይ ብሕገሳ መንፈስ ዝደፍኡን ኣያታት እዩ። በዚ ክልቲኡ ምኽንያታት ኣነ ምስ ከሉ ዘለዎ ሕጽረት ግዜ እናተሰከፍኩ እያ ነታ መጽሓፍ ሕልፍ ሕልፍ ክበሎ ጥራይ ኢለ ሂበዮ። እዝጊኣብሄር ይሃቦ ግን፡ ከም’ቲ ኣብቲ ዕለተ-መመረቕታ ዝርአኻዮ፡ ገሊኡ’ኳ “እዝስ በዚሑኒ . .” ክሳብ ዝብል’ዩ ኮይኑኒ። ኑቲ ሕቶ ብቐጥታ ንምምላስ ግን ሓቁ እዩ። ምኽንያቱ ንዓይ ክሳብ ዝርድኦ ንገለኡ ሓብሬታታት ብኸሉ ዝረኸብኩዎ ምንጮታት ኣነጻጺረ፡ ኣመሳኺረ ቅኑዕ ወይ ናብ ቅኑዕ ዝቐረበ ምላሽ ከውሃቦ እየ ዝፍትን። ብዝኾነ እዚ ኣነ ክጥቀመሉ ፈቲነ ዘለኹ ኣገባብ፡ ንሓብሬታ ብሓብሬታታት ብምምሻኻር ምላሽ ንምሃብ ዝፍትን እምበር፡ ብፍተይ ናይ ትርኻ ኣገባብ ጥራይ ክኸውን ስለዘይመረጽኩ እዩ።

እዚ ኣገባብ’ዚ’ውን ትም ኢለ ኣይኣቶኹዎን፡ ብወከይ ካብ ንዚዖዳ ተዃብኩ፡ ንዚዖዳ ተኣማንነት እዩ ቀዳምነት ክህብ መሪጸ። ይግረምካ እዚ ምርጫ’ዚ፡ ኣቐዲሙ ኣብቲ ኸ ዘይተሓትመ ዘሎ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት መምህር ኣስረስ ተሰማ ብድሆ ገጢሙዎ እዩ። ይኹን’ምበር፡ እዛ መጽሓፍ’ዚኣ ብዕድላ ኣቐዲማ ብወጽኣ፡ ከም ኣገባብ ኣብ ኣንበብቲ ብዙሕ ጸገም ከም ዘይብሉ ክርዳእ ክኢለ እየ። ስለ’ዚ ‘ሓብሬታ ኣብ መጽናዕቲ ክርከብ ክሳብ ዝተኻእለ ርሕቐትን ዕምቈትን ከይደካ ክርከበን ክምስራሕን ብድሕሪኡ ብዘተነበ ኣገባብ ቦታኡ ክሕዝን ክግበር’ዩ ዘለዎ’ ኢለ ስለ ዝኣመንኩ እየ፡ እቲ ኣገባብ ተኸቲለ ክበል ኢለ እየ።

**ሕቶ- ኣብዚ መጽናዕትኻ ወይ መጽሓፍካ ንኣቦይ ግርማይ ፈታዊኦም ዲኻ ጸሒፍካዮም?**

- ዘገርም ሕቶ’ዩ። ሓደ ዓቢ ጽሓፊ ታሪኽ ህይወት ዝኾነ ‘ልዮን ኢደል’ ዝተባህለ ሰብ’ሰ፡ ኣብታ “ጥበባት መጽሓፍ ዛንታ ህይወት” ብዝብል ዝገበሮ ቃለ-ምልልስ እንታይ ኢሉ ይመስለካ፡ “እዚ (ምድላው መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ማለቱ’ዩ) ልክዕ ከም’ዚ ፈለማ ምስቲ ብዓል ታሪኽ ኣብ ፍቕሪ ምእታው’ዩ። ብዝኾነ ምኽንያት እቲ መጠኑ ንሱ እዩ። እንተኾኑ እዚ ፍቕሪ’ዚ ክሳብ ኣበይ እዩ ዝጽሕ ኣይትፈልጥን ኢኻ . .” ይብል’ሞ፡ ኣብ መውዳእታኡ “እንተድኣ ሓቀኛ ታሪኽ ህይወት ክትጽሕፍ ኮይንካ “ዝበዝሐ ግዜ ጽሓፍቲ ታሪኽ ህይወት ክበጽሑ እንከለዉ ብስሕበት - ማለት ጽቡቕ ግጥሙ ተንብበ ወይ ትሰምዕ’ሞ ኑቲ ጥጣሚ ክትረኽቦ ትደሊ፤ ሓደ መራሒ ሃገር ክምድር ትሰምዖሞ ኣዚኻ ተድንቖ፣ ወይ ብዓወት ሓደ ጀነራል ወይ ኣድሚራል ኣብ ሓደ ውግእ ትማሰጦ፤ ድሓር ናብ መስርሕ ምጽሓፍ ምስ ኣተኻ ግን፡ ለውጥታት ይቀላቐሉ፡ ርኽበታት ይግዝዱ፡ ሓቅታት ይወጽኡ። ብዝኾነ ኣሚሲያኡ እንተድኣ ሓቀኛ ወይ ቅኑዕ መጽሓፍ ከተዳሉ ኮይንካ እቲ ከሉ ፍቕርን ተምሳጥን ክየገታእ ኣለዎ።” እዩ ዝብል። ኣነ ኸኣ እንተድኣ ኮይኑለይ፡ ዚ ኣገባብ’ዚ እየ ኣሚነ ክኽተል ወሲነ። ኣብዛ መጽሓፍ ከኣ ከምኡ ንምግባር’የ ፈቲነ ዘለኹ እየ ዝብል። ፍቕሪ የሎን፡ ጽልኢ የሎን፡ እቲ ክህሉ ዝኽእል’ዩ ኣብኡ ሰፊሩ ዘሎ።

**ሕቶ- እሞ ሕጂ ኣብዚ መጽሓፍካ ንኣቦይ ግርማይ ብዮብእ ገሊጽምዎም ዶ ትብል?**

- ኩሉ ነገር ብተዛማዲ እንድዩ ብወከይ ‘እወ ዝከኣለስ ፈቲነ እየ’ እብል። ግን ከኣ እቲ ቀንዲ ምላሽ ካብ ኣንበብቲ እዩ ክረኽቦ ዘለኒ። ወይ ኣንበብቲ እዮም ክገልጹዎ ዘለዎም።

ይቕጽል



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ዛንታ

# እታ እተሰርቀት ጤል

ኣብ ሓደ ዓዲ ኣቦን ወድን ብሓደ ይቕመጡ ነበሩ። እቲ ሰብኣይ ሶፕራ ዝበሃል ክኸውን ከሎ ወዱ ድማ ኣክራ ይብሃል ነበረ። ኣቦን ወድን ኣዝዮም ሃኪያት'የም ዝነበሩ። መዓልታዊ እቶም ደቂ ዓዲ ንምሕረስ ምስ ወፈሩ፡ ሶፕራን ኣክራን ገዛ ገዛ እናኣተዉ ይሰርቁ ነበሩ።

ሓደ ለይቲ ሶፕራ ናብ ሓደ ገዛ ከይዱ ጤል ሰረቐ። እታ ጤል ኣዝያ ዓባይን ዝተጠዋወየ ኣቕርንቲ ዘለዋን ነበረት።

"ኣቦ፡ ከንደይ ደኣ ትዓቢ እዛ ጤል! ጸባሕ ናብ ዕዳጋ ከይደ ክሸጣዶ?" በለ ኣክራ።

"እወ" መለሰ ሶፕራ።

ንጽባሒቱ መዓልቲ ዕዳጋ ስለ ዝነበረ፡ ኣክራ ነታ ጤል ሒዚዋ ከደ። እታ ጤል ኣዝያ ዓባይ ስለ ዝነበረት ብርክት ዝበለ ገንዘብ ክረኽበላ ከም ዝኽእል ርግጸኛ ነበረ።

ኣብቲ ዕዳጋ ምስ በጽሐ፡ ነታ ጤል ኣብ ሓደ ኦም ኣሲሩ ዓዳጋይ ክጽበ ጀመረ። ዋላ'ኳ ብዙሓት ሰባት እንተመጹን እንተኸዱን ሓደ'ኳ ዝዕድገሉ ሰኣነ። ኣክራ ኣዝዩ ተቘጥዐ። "ኣቱም ሰባት፡ እምበርዶ ትርእዩዋ ኣለኹም? እዚ'ኳ ኣዝያ ዓባይ ጤል'ያ። ሃየ ተቐዳደሙላ!" ኢሉ ነቶም ዓዳጊ ክስሕቦም ፈተነ። እንተኾነ፡ ዋላ ሓደ ሰብ ዝተገደሰሉ ኣይነበረን።

ድሕሪ ቀትሪ ሓደ ንእሽቶ ወዲ መጺኡ፡ "ኣክራ ከመይ ወዓልካ?" ክብል ሰላምታ ለገሰሉ።

"ሰላምታ እንታይ ይገብረለይ፡ ነዛ ጤል እሸጣ ከም ዘለኹ ትርእየኒ የለኻን?" ክብል መለሰሉ።

"እው፡ እው፡ እርእየካ'ለኹ። ኣነውን ክዕድጋ'የ ደልየ።"

ኣክራ እቲ ወዲ ገንዘብ ዘይብሉ ክኸውን የሎ፡ዘ'ለዎ ዘሎ ኢሉ ሓሰበ። "ተኣለ፡ ካብ ጥቓይ ርሓቕ!" ክብል ብዓውታ ጨደረ።

እቲ ወዲ ግን ኣይተዓጸፈ። "እዛ ጤል ካበይ ኣምጺእካያ?" ክብል ሓተቶ።

"እንድዒ!" ክብል ብሕርቃን መለሰ ኣክራ። ሰለስ ኣልዒሉ ነቲ ወዲ ክዘርዎ ምስ ተዳናደ፡ እቲ ወዲ ነጢሩ ረሓቐ። "ሰራቒ! ሰራቒ! እዛ ጤል ሰሪቕካያ ኢኻ። ሰራቒ!" እናበለ ሃደመ።

ኣክራ ግና በቲ ኩነታት ኣይተሰናበደን። ወትሩ ኣቕሑ ክሽይጥ ንዕዳጋ ክመጽእ ከሎ፡ ኣዕሩኽቱ ብጾቱ ስለ ዘለዉ፡ ነቲ ወዲ ኣይተገደሰሉን። እንተኾነ ገለ ሰባት፡ እቲ ወዲ ንኣክራ ሰራቒ ኢሉ ክጸርፎ ስለ ዝሰምዕዎ፡ ጥርጣረ ኣሕደሩ።

ኣጋ ምሸት ምስ ኮነ ሓደ ነዊሕ ሰብኣይ፡ ናብ ኣክራ ገጹ ቀረበ፡ "ክንደይ ኢልካያ'ዛ ጤልካ?" ክብል ሓተቶ።

"ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን" መለሰ ኣክራ።



እቲ ሰብኣይ ዋጋ ዕዳጋ ኣይገበረን። ንኣክራ ድማ ከምዚ በሎ፡ "በል ነዛ ጤል ክገዝኣ'የ። ኣብ ገዛ ገንዘበይ ክህበካ፡ ንዓናይ ደድሕረይ ሰዓብ" በሎ።

ኣክራ ኣዝዩ ተሓጎሰ። ነታ ጤል ፈቲሉ ደድሕሪቲ ሰብኣይ ሰዓበ። ኣብ ሓደ ገዛ ምስ በጽሑ፡ እቲ ሰብኣይ፡ ነታ ጤል ተረኪቡ፡ "በል ነዛ ጤል ናብ ውሽጢ ኣእትየ ገንዘብ ክሰዕ ዘምጽኣልካ ኣብዚ ጸናሕ" በሎ። ኣክራ ድማ ነታ ጤል ኣረኪቡ፡ ኣብ ኣፍደገ ክጽበ ጀመረ። እቲ ሰብኣይ ንውሽጢ ካብ ዝኣቱ ነዊሕ ገበረ። ኣክራ ተጸበ እንተበልካ ተጸበ ትማሰከር ኩነ። ድሕሪ ነዊሕ ትጽበት ዓቕሉ ኣጸበበ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ውሽጢ'ቲ ገዛ ኣተወ።

"እቲ ናብዚ ገዛ ዝኣተወ ሰብኣይ ኣበይ ኣሎ?" ክብል ነቶም ኣብቲ ገዛ ዝነበሩ ሰባት ሓተቶም። ንሳቶም ድማ ናብኡ ዝኣተወ ሰብ ከም ዘይረኣዩ ነገሩዎ። ሽዑ እቲ ሰብኣይ ከም ዝታለሎ ተረደኦ። ክገብሮ ዝኽእል ነገር ስለ ዘይነበሮ፡ ብጒሂ ጣዕ ኢሉ ጥራሑ ኢዱ ናብ ገዝኡ ተመልሰ። ኣብኡ፡ ኣቶ ሶፕራ ድማ ምስ ኣጋይሽ ከዕልል ጸንሖ። እታ ጤል ምስ ወዱ ስለ ዘይነበረት፡ ሸይጢዋ'ዩ መጺኡ ኢሉ ተሓጎሰ።

"ርግጸኛ'የ ነታ ጤል ብኽቡር ከም ዝሸጥካያ! ክንደይ ሸይጥካያ? ጸቡቕ'ዶ ኣውጺኣ?"

ኣክራ፡ ናብቶም ኣጋይሽ ጠመተ። ሽሉልተኛ ቁልዓ ከይብሉዎ፡ ተሰሪቓትኒ ክብል ኣይደለየን። ናብ ኣቡኡ እናጠመተ፡ "ክንድ'ቲ ዝዓደግናያ፡ ክንድኡ ሸይጠያ" ክብል መለሰሉ።

ሶፕራ፡ ኣዝዩ ተቘጥዐ። እቶም ኣጋይሽ ክፈልጡ ስለ ዘይደለየ ግና፡ ሕርቃኑ ንውሽጢ ገበሮ። ከምቲ ንሱ ንኻልኦት ክፉእ ዝገበሮም፡ ሓደ ሰብ ድማ ንዕኡ ክፉእ ከም ዝገበሮ ተረደኦ። ናይ ኣደይ ረኽበ ብማለት ዝን በለ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ንብረት ሰርቂ ኣብ ጸቡቕ መዓላ ከም ዘይውዕል ተገንዘበ።

ምንጪ፡ መጽሓፍ 'ህያብ መዋእል'

## ዕላል ምስ ሄብሮም

# "ቀዳማይ ሰዳዲ ሳተላይት..... ሕልመይ"

**ምስ ኣንበብቲ ከተላልየና?**

ስመይ የብል የውሃንስ እበሃል። ካብ ኣቦይ የውሃንስ ገብረእግዚኣብሄር ካብ ኣደይ ገብረስላሴ ብዕለት 15-12-2010 ኣብ ኣስመራ ተወሊደ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓወት ተመሃራይ 6ይ ክፍሊ ኮይነ ሕጂ ናብ 7ይ ክፍሊ ሓሊፈ ኣለኹ።

**ኣብ ትምህርቲ ከመይ ዓይነት ተመሃራይ ኢኻ?**

ኣብ ትምህርቲ ግዱስ ኮይነ ካብቶም ንፉዓት ተመሃሮ እየ። ገምጋመይ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ድማ 91% እዩ።

**ተንበብዶ ክንደይ ዝኣክል መጻሕፍቲ ኣንቢብካ ኣለኻ?**

እወ ኣንብብ እየ። ንኹሉ እኳ እንዝርዝሮ ብዙሕ ግን ዝዓበየ ክንብብ ፍቱ 30 መጻሕፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ።

**መጽሓፍ ጽሒፍካ ኣለኻ። እዛ መጽሓፍካ ትርጉም ድያ ወይስ ናትካ?**

እወ። መጽሓፍ ጽሒፈ ኣለኹ። እዛ ዝጸሓፍኩዋ መጽሓፍ 'ህያብ' ዝብል ኣርእስቲ ኣለዋ። ናተይ ድርሰት እምበር ትርጉም ኣይኮነትን። እዛ መጽሓፍ ክልተ ዛንታታት፡ ሰእላዊ ግድላትን ግጥምታትን ትሕዝ ኣለዋ። ንፍሲ ወከፍ ዛንታ ድማ መሳለይታ ስእልታት ኣለዋ።

**እዛ መጽሓፍ ንተመሃሮ እንታይ ትጠቕሞም?**

እዛ መጽሓፍ ንተመሃሮ ትምህርታዊ፡ ተዘናጋዕን፡ ከምኡ'ውን ናይ ንባብ ዝንባለ ከምዘሓድሮም ትገብር። ፍርያ ዝበለ ጽሑፍ ስለዘኸን ቀልጢፎም ክውድእዋ ይኽእሉ እዮም።

**ናይዛ መጽሓፍ ሓሳብ ካበይ መጺኡ?**

ማማ ግጥሚ ስለእትጽሕፍ ኣነ ድማ ቀኒኣ ዝኾነ ጽሑፍ እጽሕፍ ነይረ። ማማ ድማ ተተባብዓኒ ነይራ። ኣብ መወዳእታ ናተይ ሓሳባት ክጽሕፍ ጀሚረ። ኣርቲስት ብርሃ ኣዶናይ ነቲ ጽሑፈይ ምስ ኣንበቦ ብመልክዕ መጽሓፍ ክሕተም ኣለዎ ኢሉ። ሰድራ ሓጊዞምኒ ድማ ተሓቲሙ።



**እዛ መጽሓፍ ክትጽሕፍ ክንደይ ግዜ ወሲዱልካ? ኣብ ምንታይከ ትሸገር ነይርካ?**

እዛ መጽሓፍ ተጻሒፋ ክሳብ እትሕተም ሓደ ዓመት ወሲዳትለይ። ኣብ ምጽሓፍ ድማ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን። ምኽንያቱ ባጦን ማማን ይሕግዙኒ ነይሮም እዮም።

**መጽሓፍካ ተሓቲማ ምስ ተዘርግሐት ካብ ተመሃሮ ዝረኸብካዮ ግብረ መልሲ?**

ዝጠዘሉ ዘንበብዎ፡ ኣዝዮም ከምዝፈተውዋ ነጊሮምኒ። ገሊኦም ድማ ካብ ናተይ ተበግሶም ክጽሕፉ ከምዝደልዩ ዘዕለሉኒ ኣለዉ።

**ኣብዛ መጽሓፍ ዝሓገዙኻ ነይሮምዶ?**

እወ። ብዋናኡ ባጦን ማማን ሓጊዞምኒ እዮም። ተወሳኺ ድማ ኣርቲስት ብርሃ ኣዶናይ፡ መምህር ኣርሴማ ብርሃ፡ ከምኡ'ውን መምህር ራሄል ኣስገዶም ሓጊዞምኒ እዮም። ሳልኦም እየ ክሕትማ ክኢለ።

**ምጽሓፍን ትምህርትን ከመይ ተሳንዮ ነይርካ?**

ሓቂ ዘረባ ምጽሓፍ ብዙሕ ግዜ ይሓትት እዩ። ሓንሳብ ምስ ጸሓፍካዮ ዝውዳእ ኣይኮነን። ሓሳብካ ትቕይር፡ ስእሊ ትልውጥ። ስለዚ ምስ ትምህርተይ ዘጋንፉኒን ዝጽሕፈሉን ግዜ ፈልየ እየ ዝሰርሕ ነይረ። ብመደብ እንተተጓዒዝካ ትዕወት ኢኻ።

**ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ስእልታት መን ስኢልዎም?**

ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ስእልታት ኩሎም ባዕለይ እየ ስኢለዮም። ናይ ስእሊ ዝንባለ ስለዘለኒ ኩሉ ግዜ እስእል እየ። ባዕለይ ስለ ዝስኣልኩዎም ድማ መጽሓፈይ ከምቲ ዝደለኽዎ ኮይናትለይ ኣላ።

**ተመሃሮ ከማኻ ናትኪ ክበርክቱ እንታይ ትብሎም?**

ቀዳማይ ክብሎም ኣለዎም። ምስ ተበገሱ ድማ ተስፋ ክቖርጹ የብሎምን። ነቲ ኣብ ኣእምሮኦም ሓሰቦም ዘለዉ ክሰርሑ ኣብርቲዖም ክጽዕሩን መጻሕፍቲ ከንብቡን ግዜኦም ኣብ ዝጠቅም ነገር ከውዕልዎ ኣለዎም።

**ኣብ ጽሑፍ ናይ መጻኢ መደብካ እንታይ ይመስል?**

መጀመርታ ካብዚ ዘለኽዎ ንኽሕይል መጻሕፍቲ ከንብብ ኣለኒ። ካብዚ ቀጺለ ድማ ኣብርቲዐ ሰሪሐ ንመጻኢ ንፉዕ ጸሓፊ ክኸውን ሕልመይ እዩ።

**ካልእ ብዘይካ ምጽሓፍ እንታይ ትመልኽ?**

ኤሌክትሮኒክስ ተማሂረ ብዙሕ ስርሓት እፈታትን ኣለኹ። ኣብ ፌስቲቫል ድማ ምርኢት ከቕርብ እየ። ብኤሌክትሮኒክስ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሐ ቀዳማይ ሰዳዲ ሳተላይት ክኸውን ሕልሚ ኣሎኒ። ካልእ ኤዲቲን ኣብ ስፖርት ድማ ኣብ ኩዕሶ ሰከይት እነጥፍ እየ።




**ኣብዛ መጽሓፍ ዝሓገዙኻ ከተመስግኖም ዕድል ክህበካ?**

መጀመርታ ንስድራቤተይ ንኹሉ ወጻኢታት ስለዝሸፈኑለይ ብልቢ ኣመስግኖም። ቀጺለ ንኣርቲስት ብርሃ ኣዶናይ፡ መም. ራሄል ኣስገዶም፡ ንመምህር ኣርሴማ ብርሃ ኣብ ኮምፕዩተር ዝጸሓፈትለይ፡ ንኹሎም መምህራን ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ዓወት፡ ከምኡ'ውን ኤልያስ መሓመድ ሄሩን ብልቢ ኣመስግኖም።

**የቐንየልና!! ሓሳብ ልብኻ የስምረልካ?**

ገንዘቦ! ኣነውን ነዚ ቃለ መሕተት ስለዝገበርኩምለይ የቐንየለይ!!

ካርቱን

ዕላል ኣሌክ ምስ ሩት






ሓበን ተስፋሚካኤል

# ንዝጠፍኡ ሽማግለታት ደልያ እትሕብር ቴክኖሎጂ

ኣፕሊኬሽን፡ ኣብ ሞባይላትን ኮምፕዩተራትን እናተጻሕፈ ዝተፈላለየ ኣድማዒ ኣገልግሎት እዩ ዝህብ ዘሎ። ብፍላይ ናይ ምርሳዕ ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ካብ'ቲ ዝኣሰ ክሳብ'ቲ ዝዓበየ ንብረት ከም ማጣይንን ካልእን ኣበይ ከም ዝዓሸግዎን ዘቐመጥዎን ምስ ዝጠፍኦም፡ ብመንገዲ ኣፕሊኬሽን ኣቢሎም ክረኽብሉ ዝኽእሉ መንገዲ ተዳልዩ ጸኒሑ እዩ። ምስ'ዚ ዝመሳሰል ካልእ ኣፕሊኬሽን ድማ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዋተርሉ - ቤልጂየም ኣማዕቢሎም ምህላዎም ይሕብሩ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ንዝጠፍኡ ዓበይቲን ሽማግለታትን ኣበይ ከም ዘለዉ ደልዩ ሓብሬታ እተመሓላልፍ ኣፕሊኬሽን ምህዛም ምህላዎም እዮም ዝገልጹ ዘለዉ። እቶም ሰባት ካብ ገዛኦም ወጺኦም ምስ ዝጠፍኡ፡ እቶም ንዓኦም ዝሕልዉን ዝኣልዩን ሰድራኦም፡ ኣብ ከንዲ ክደልይዎም ኩሉ ዝበሉ፡ ነታ ኣፕሊኬሽን ወሊዖም ዘለውዋ ቦታ ክረኽብዎ ይኽእሉ። በዚ ኸኣ፡ እቶም ሽማግለታት ካብ'ቲ ዝጠፍእዎ ቦታ ገይና ከየርሓቑ እንከለዉ፡ ብቐሊሉ ክርከቡ ይኽእሉ ማለት እዩ።

"እዛ ኣፕሊኬሽን ኣገዳሲነታ ክርድኣኒ ዝኽኣለ ኣብ ምእላይ ጸገም ናይ ምርሳዕ ዘለዎም ሽማግለታት ሰባት ስለዝሰርሕ እየ። ሓደ ካብ'ቶም ዝኣልዮም ዘለኹ ድማ ኣቦይ እዩ። ካብ'ቲ ዝእለየሉ ዘሎ




ቦታ ኣርሒቑ ክኸይድ እንከሎ፡ ኣበይ ይህሉ ኣለ እየ ዝሻቐል። ዚ ሻቕሎት መውጽኢታ ንምግባር ግና፡ ነዛ ኣፕሊኬሽን ምስ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዋተርሉ ኮይንና ከሚዕብላ ክኢልና። ኣብ ውሽጢ ውሑድ ካልኢታት ሓብሬታ እተመሓላልፍ ብ ም ኳ ና ' ው ን ወጽኢታዊት ኮይና ረኺብናያ ኣለና" ይብል ኣብ ምእላይ ናይ ምርሳዕ ጸገም ዘለዎም ሽማግለታት ዝሰርሕ ዶ/ር ሮን ቤሌዩ።

እታ ኣፕሊኬሽን፡ ኣብ መእለይ ኣረጋውያን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ህጻናትን ትሕቲ ዕድመን ቁልዑ ዝመሃሩሉ ቤት ትምህርቲ እውን ኣብ ሞባይል ናይቶም መማህራን ክትጸዓን ከም ዘለዋ ብዙሓት ተመራመርቲ ርእይቶታቶም ይህቡ ኣለዉ። ህጻናት፡ ልክዕ ከምቶም ናይ ምርሳዕ ጸገም ዘለዎም ሽማግለታት፡ ናይ ምምዛዝን ዓቕሞም ትሑት ስለዝኾኑ፡ ክንሕልዎም እተኽእል ኣፕሊኬሽን ብምዃና፡ ኣብ መዋእለ ህጻናት ድማ ክትተኣታቶ ምዃና፡ እቶም መጽናዕቲ የረድኡ።

# ጭንቀት ነፍሰ-ጾር ኣደ፡ ኣብ ዝውለድ ዕሸል ጽልዋ ኣለዎ

ጠባያት ደቂ-ሰብ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል፡ ኣብ መንጎ ብዙሓት ሰባት ግን ተመሳሳሊ ጠባይ ዘለዎም ክርከቡ ዝኽእሉ እዮም። ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ወይ ኣተዓባብያ ምስ ዝዓብዩ ዘመሳሰል



ባህርያትን ጠባያትን'ዩ ዝህልዎም። ብተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ከም ዝተበጽሐ፡ ጠባይ ናይ ሓደ ሰብ፡ ወጽኢት ናይ'ቶም ቀንዲ ሓሙሽተ ሰባት ምስኡ ዝኑብሩ'ዩ ተባሂሉ ይእመን። ብዘይካ'ዚ፡ ንጠባይና ቀንዲ ዝጸልዎ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነታት ናይ ኣደ ምዃኑ ይሕበር።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ፡ ሓንቲ ኣደ ቅድሚ ነፍሰጾር ምዃናን ኣብ'ተን ናይ ቀዳሞት ኣዋርሕ ግዜ ጥንሳ፡ ኣዝያ ትጭነቕ ምስ እትኸውን፡ እቲ ዝውለድ ህጻን ካብ ጠባዩ ጀሚርካ ክሳብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ናይ ህይወቱ ብኣሉታ ከም ዝጸሉ እዮም ዝሕብሩ ዘለዉ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ናይ ኣደ ጸቕጢ ኣእምሮ ኣብ ዕሸላ ክሳብ ክንደይ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል ንምርዳእ፡ ንሽዉዓተ ዓመታት ብዕምቈት ኣጽኒዖምዎ። ብዝተዳደዎ መጽናዕታዊ ምርምር ድማ፡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ደረጃ ናይ ጭንቀትን ጸቕጢ ኣእምሮኣ፡ ካብ እዋን ጥንሳ ዘሎ ክሳብ ክትሓርስ እትቀራረበሉ ግዜ እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ፡ ነቲ ዝውለድ ህጻን ብኣሉታ ከም ዝጸልዎ ከረጋግጹ ክኢሎም።

ንሶም ኣብ መጽናዕቶም፡ ድሕሪ ሕርሲ ዘሎ እዋን፡ እታ ብዝተፈላለየ ምኽንያት እትጭነቕ ጓለንስተይቲ፡ ኣብ ውላዳ ዘለዋ ኣረኣእያ እናተሓተን ንዕኡ እትልግሶ ፍቕርን ኣቓልቦን ክንክንን እናንገደለን ስለ ዝኸይድ፡ እቲ ህጻን ብዘይርድኦ መንገዲ ኪይተረፈ ከም ዝጸሎ የረድኡ። እዚ ማለት፡ ክዕበን በብቑሩብ ክመዛዘንን ኣብ ዝጅምረሉ ግዜ፡ ኣብ ጠባያቱ፡ ትምህርቱ፡ ከምኡ'ውን ምስ ሰባት ዘለዎ ዝምድና ብኸቢድ ክጸሎ ናይ ግድን እዩ።

ሓፈሻዊ ጠንቅታት ጸቕጢ ኣእምሮን ጭንቀትን ብዙሕ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ንብረ ንላዕሊ እናወሰኸ ክኸይድ እንከሎ ግን፡ ብዘይ ፍታሕ ክንዕዘዝ ከም ዘይብልና፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መውጽኢታ ኣዘኻኺሮም። ንሶም ኣሰዓቢሮም፡ እቲ ጸቕጢ ኣእምሮ ካብ ቀጻጸርና ንላዕሊ ከይከውን እንከሎ፡ ናብ ሓኪም ስነ-ኣእምሮ ብምኻድ ዘድልየና ፍወሳ ክንረኽብ ከም ዝግባእ ኣተሓሳሲቦም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ መበገሲ ጠንቂ ናይ ኩሉ ሕማም ጭንቀት ስለ ዝኾነ፡ ብፍላይ ነፍሰጾር፡ ጥዕናኣን ጥዕና ዕሸላን ንምውሓስ ንዘእ ርእሳ ካብ ከጨንቕዋ ዝኽእሉ ነገራት ክትሕሉን ክትጥንቀቕን ከም ዝግብኣ ይመኽሩ።

# ኣብ ድንሽ ዝጸንሕ ሕማም ኣለልያ እትሕብር መሳርሒ

እስራኤላውያን ሓረስቶት፡ ካብ ሃገራት ኤውሮጳ ናብ ሃገሮም ኣምጺኦም ዝዘርእዎ ድንሽ፡ ብዓይኒ ዝርኣን ዘይርኣን ጸገማት ከም ዝጸንሖ እዮም ዝገልጹ። ዚ ናይ ሓረስቶት ርእይቶ ተቐቢሎም ምርምር ዘካየዱ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ኢየሩሳሌም ድማ ፍታሕ ረኺቦምሉ ከምዘለዉ ይሕብሩ። ንሶም፡ ኣብ ድንሽ ዝርከቡ ሕማማት ንምፍላጥን ንምርዳእን ብዕምቈት መርመራ ድሕሪ ምክያድ፡ ኣብ ድንሽ ተሓቢኦም ዝጸንሑ ሕማማት እትምርምር ሰንሰር ክምህዙ ከምዝበቕዑ እዮም ዝገልጹ።

"ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ናብ እስራኤል ዝመጽኡ ድንሽ ምስ ተዘርኡ፡ ሓረስቶት እቶም ክእከቡ እንከለዉ ብዓይኒ ዝርኣዩ ጸገማት ኣየጋጠምዎምን ነይሩ። እዚ ኸኣ እቲ ናብ እስራኤል ዝኣተ ዝዘበረ ድንሽ፡ ብደጋዊ ትርኢቱ ጽቡቕ ዝመስል እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ውሽጡ ግን ጥዕና ዝጉድእ ሕማማት ተሰኪሙ እዩ ዝጸንሐ። እዛ ምሂዝናያ ዘለና ሰንሰር ከኣ፡ ብፍላይ ነቲ ብዓይኒ ዘይርአ ሕማማት ድንሽ ኣለልያ ክትሕብር እትኽእል ምዃና፡ እቲ ዝዓበየ ብልጫኣ እዩ" ክብል ይገልጽ ኣብ'ቲ ምርምር ዝተሳተፈ ዶ/ር ዶሪን ሃርፓዝ።

ንሱ ኣሰዒቡ፡ እዛ ኣማዕቢልናያ ዘለና ሰንሰር፡ ድንሽ ገይና ከይተዘርአ እንከሎ ንዝህልዎ ጸገማት ኣለልያ እትሕብር ብምዃና፡ ኪጋጥም ካብ ዝኽእል ክሰራታት ከምእተድሕን ሓቢሩ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ድንሽ ናብ ዕዳጋ ቅድሚ ምዝርጋሑ ጥዕናኡ ተረጋጊጹ ክዝርጋሕ ከም ዘለዎ ንኣከፋፈልቲ የተሓሳሰቡ። ብዘይካ'ታ ንሶም ምሂዞምዋ ዘለዉ ሰንሰር፡ ኣፍረይቲ ነቲ ዝዘርእዎን ንዕዳጋ ዘውርድዎን ድንሽ ውሑስ ምዃኑ ዝሕብር ካልእ መሳርሒታትን ኣገባባትን ክጥቀሙ ከም ዘለዎም'ውን ወሲኾም የገንዘቡ።





# ኣብ ውሽጢ ማይ ዓይንኻ ቋሕ ምባል ናይ ምርኣይ ጸገም የኸትል

ኣብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሆቴላትን መዛናግዒ ቦታታትን መሓንበሲ ክፍሊ ኣሎም ይፈልዩ እዮም። ነቲ ዝጥቀምሉ ማይ ንምጽራይ ድማ ክሎሪን ይጥቀሙ። ኣብ ውሽጢ እቲ ዘዕለውዎ ማይ እናሓንበስካ ዓይንኻ ምኽፋት ግን ጉዳኢ ምዃኑ ኣመሪካውያን ተመራመርቲ ይሕብሩ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ካብ'ቲ ነቲ ማይ ንምጽራይ ተባሂሉ ዝኣቱ ከም ክሎሪን ዝኣመሰለ ዓይነት መጽረዪ፡ ኣብ ውሽጢ ዓይኒ ምስ ዝኣቱ ነቲ ጽርግያ ዓይኒ ዝሕሉ ግዳማዊ ሽፋን ዋህዮ ከም ዝጐድኦ'የም ዝገልጹ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ኸኣ ሕብሪ ዓይኒ በርበረ ክመስልን ብርሃን ክጸልእን ይጅምር። እዚ እናበኣሰ ምስ ዝኸይድ፡ ንናይ ርእየት ብቕዓት ከትሕቶ ከም ዝኽእል'ውን እቶም ተመራመርቲ የረድኡ።



ኣብ መውጽኢታ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝተጠቐሰ ዝመስል ዓይነት ቀላያት ክንሕንበስ ምስ እንደሊ፡ መከላኸሊ ኣዒንቲ ክንጥቀም ከም ዘለና፡ እቶም ተ መ ራ መ ር ቲ ይመኽሩ። እቲ ነቲ ማይ ዘጽሪ ክሎሪን ድማ፡ ብቐጥታ ኣብ ክንዲ ናብ ዓይንና ዝኣቱ፡ ኣብ'ቲ መከላኸሊ ስለዝዛረፍ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም ዘየምጽኣልና የጽንዑ።

# ውዑይ ማይ ተሓጺብካ ምድቃስ እኹል ዕረፍቲ ይህብ?

ዕረፍቲ ዘለዎ ድቃስ ምስትምቓር ናይ ኩሉ ሰብ ድሌት እዩ። ቅድሚ ምድቃስና፡ ከም ሞባይልን ቴሌቪዥንን ዝኣመሰሉ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑ ምጥቃም ኣቋሪጽና ናይ ድቃስ ሃዋህው ኢና ክንፈጥር እንጅምር።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ቴክሳስ፡ ጥዑምን ዘይተኸላለፈን ድቃስ ክህልወና ዝሕግዝ ሜላ ረኺቦም ከምዝለዉ'የም ዘበሰሩ ዘለዉ። ንሶም፡ እቲ ረኺብናዮ ዝበልዎ ሜላ፡ ቅድሚ ምድቃስና ኣካላትና ብውዑይ ማይ ተሓጺብካ ምድቃስ ምዃኑ ይገልጹ። እቶም ተመራመርቲ፡ እቲ ምኽንያት ውዑይ ማይ ንጭዋዳታትናን ስርዓተ ዙረት ደምናን ዘሐድስ ስለዝኾነ ምዃኑ ይገልጹ። በዚ ኸኣ ጸገም ድቃስ ዘለዎም ሰባት ነዚ ሜላ ምስ ዝጥቀምሉ ሩፍታ ዝዓሰሎ ለይቲ ከስተማቕሩ ከምዝሕግዞም ይሕብሩ።



እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናኸዱ ብዝተዳደውዎ ናይ ሕቶን መልስን ዝርርብ፡ ውዑይ ማይ ተሓጺቦም ዝድቅሱ ሰባት ዝያዳ ጽቡቕ ዕረፍቲ ከም ዘስተማቕሩ ከረጋግጹ ከምዝኸኣሉ'ውን ወሲኾም ኣረዲኦም።

ውዑይን ዝሑልን ማይ ኣብ ጥቕምን ብልጫን ዘለዎ ምኻኑ ፍሉጥ ኩይኑ፡ እቶም ኣብ ግዜ ለይቲ ብግቡእ ድቃስ ከስተማቕር ዘይኽእሉ ሰባት፡ ነዚ ብማይ ውዑይ ተሓጺብካ ናይ ምድቃስ ልማድ እንተፈተንዎ እንታይ ከይጐድኦም።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## SPECIFIC PROCUREMENT NOTICE

AFRICAN DEVELOPMENT BANK GROUP
GROUPE DE LA BANQUE AFRICAINE DE DÉVELOPPEMENT

### Invitation for Bids (IFBs)
### Works and Plants
### Design, Supply and Installation
### (Without Prequalification)

IFB NO.: DSP/SPN/OCBI/02/2023
Employer: Ministry of Energy and Mines
Project: Dekemhare 30 MW Solar PV Project
Contract title: Design, Supply, and Installation of 30 MW Solar PV Plant, Battery Storage System and Associated Facilities
Country: State of Eritrea
Grant No.: ADF 2100155042372 // TSF 5900155017954
Procurement Method: Open Competitive Bidding (International) (OCBI)
Issued on: 12 August 2023

1.The Government of the state of Eritrea has received financing from the African Development Fund (ADF) hereinafter called the Bank toward the cost of Dekemhare Solar PV Project and intends to apply part of the proceeds toward payments under the Contract for Procurement of Design, Supply, and Installation of 30 MW Solar PV Plant, Battery Storage System and Associated Facilities. For this contract, the Grant Recipient shall process the payments using the Direct Payment disbursement method, as defined in the Bank's Disbursement Guidelines and procedures for Investment Project Financing.

2. The Ministry of Energy and Mines (MoEM) now invites sealed Bids from eligible Bidders for Procurement of Design, Supply, and Installation of 30 MW Solar PV Plant, Battery Storage System and Associated Facilities.

3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), OCBI procedures as specified in the Bank's Procurement Framework dated 2015, and IFB is open to all eligible Bidders as defined in the Procurement Framework.

4. Interested eligible Bidders may obtain further information from the Ministry of Energy and Mines (MoEM), Mr Tefferi Abraha - e-mail tefferiab.pce@gmail.com during working days (Monday to Friday) and office hours 0900 to 1700 hours at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below.

5. The bidding document in English may be obtained by interested eligible Bidders upon registry at the e-mail address given at the bottom of the SPN/ IFBs below.

6. Bids must be delivered to the address below on or before 10:00 AM local time on 17 October 2023. Electronic bidding will not be permitted. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address given at the bottom of the SPN/ IFBs below on 11:00 AM local time on 17 October 2023.

7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of Nine Hundred Fifty Thousand US Dollar (US Dollar 950,000.00).

8.Attention is drawn to the Procurement Framework requiring the recipient to disclose information on the successful bidder's beneficial ownership, as part of the Contract Award Notice, using the Beneficial Ownership Disclosure Form as included in the bidding document.

9. The address referred to above is:

Client: Ministry of Energy and Mines
Attention: Mr. Tefferi Abraha
Director, Energy Resources Development and Project Manager
Address: Street; Denden Street, No. 176
Postal Address: 5285
Postal Code: 174
City: Asmara
Country: State of Eritrea
Telephone: Tel: +291-112-5972
Mobile: +291-717-5327
E-mail address: tefferiab.pce@gmail.com



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ በዓል ቤተይ ኢዮብ ተኽለ ከንቲባ ዘራጸየን ዝዘሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ኣርባዕተ ኣስመራ ዘቃበርኩምና፣ ሪሳ ናብ ኣስመራ ብምስዳድ ዝተሓባበርኩምና፣ ብቴሌፎንን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዘዋጸና ንሕብር፡፡

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኤልሳ ግርማይ ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ኣቶ ጉብረንገስ ቀሺ. ጼጋይ ዝዘሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ወክደባ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛ ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ምሻሹ ጉብረስላሴ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ዓዲ ሸሩም ናይ ዝርከብ ብስም ተስፋጋብር ዑቕባሚካኤል ተስፋዝጊ ብቑጽሪ 115502 ዝተመዝገበ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07145873 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ሃይለ ተስፋጋብር

“ሓደስቲ መጻሕፍቲ!”




ስፓይደር ማን(Spider man)፡ ሶር(Tahor)፡ ሱፐር ማን(Super man)፡ ከምኡ ከኣ ዝተፈላለዩ ንትምህርቲ፡ ስነ-ምግባር፡ ምኽባር፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ.. ዘተባብዑ ዛንታታት ኣብ መጽሓፍ፡ “ሳሬታዊ ሰብኣይ” ቦስ በይቢ(Boss baby)፡ ዝተፈላለዩ ኣዝናናዒ ዛንታታት፡ ዋዛታት፡ ኣዛ ህጻናት ኣብ መጽሓፍ፡ “ደርጓዕ” ንታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ትገልጽ ብመልክዕ ካርቱን ዝተዳለወት መጽሓፍ፡ “ፉርስ” ንሓቀኛ ታሪኽ ሀይወት፡ ካብ ሕማቕ ተማሃራይ ናብ ዓለም ዘዋረበ ናይ ርእሲ መጥባሕቲ ክኢላ ዝተቐየረ ዶክ. በን ካርሰን ትገልጽ መጽሓፍ፡ “ወርቓውያን ኣእዳው”



ዝብላ መጻሕፍቲ ኣብ ኩሉን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሐናልኩም ኣለዋ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ተ 07336029 ተወከሉ!!

## መጽሓፍ ሕሰብ' ሞ ክትህብትም !




& ፍቕራውያን
ልብ - ወለዳት







ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2023 ቀጽሪ ኤክስፖ!

ንተወሳኺ ሓበሬታ- ኢንጂ. ሚኪኤል ኣዳም ቁ.ተለ. 07265765

ምልክታ
ኖጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

ERT Coordinator
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- Establish and implement a Mine Emergency Response Management Plan inclusive of Emergency Preparedness to facilitate the safe, productive and sustained operations at Asmara Mining Share Company operations.

- Establish the Emergency Response Team, develop training plans for team members and coordinate the development of their skills.

- Assist the Mine Training section to provide a competency based training and assessment system in the areas of emergency preparedness and Risk Management.

- Manage daily activities of the Emergency Response Training to ensure effective training of team members.
- Recommend and procure required equipment required for effective Emergency Response Preparedness.

Facilitate the execution of the safety management system with other key mining personnel.

- Develop the competencies of the emergency response team through competency based training and assessment.
- Drive standards incorporating international best practice in Emergency Response.
- Undertake safety investigations and take corrective actions to prevent reoccurrence.

Safety

- Assist Safety and Training Superintendent to develop and implement safety management systems and reports
- Provide leadership to the team in Emergency Response
- Develop an Emergency Management Plan
- Mentor senior and intermediate management team on Emergency management.
- Provide guidance for the ERT team to work with other departments
- Mentor & Coaching ERT team members.
- Provide support and guidance in incident investigations and reporting.
- Conduct team based Risk assessments and field level risk assessments in the field with supervisors.

Training

- Develop and provide training for the Emergency Response Team Ensure ERT members are trained in basic operation of mining equipment.
- Ensure training and mentoring plan is implemented to standard.
- Promote training of National workforce to encourage ERT membership. Training of staff on all areas of Safety & Health.
- Provide necessary budget inputs for safety and training.
- Build relationships with other departments.

Management

- Manage HR issue for the ERT team and co-ordinate with HR as required. Recruiting of new ERT team members.
- Develop and update ERT rosters inclusive of leave to provide appropriate ERT coverage.
- Manage compliance to procedures of ERT team.
- Manage the work capability and availability of the ERT team.
- Work in harmony with other departments continually for positive outcomes.

Reporting

- Prepare monthly reports with respect to ERT preparedness and activities.
- Investigate and report on Health & Safety incidents.
-

Develop Standards

- Research and find International "Best practices and standards "in ERT.
- Ensure compliance with local and international legislation.
- Develop relationships with local authorities and other stakeholders.
- Develop new policies and procedures in line with international standards.
- Ensure ERT staff follow procedures.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Certificate IV or similar qualification in Workplace Training and Assessment
- Formal qualifications in occupational health and safety (MINCOM Health and Safety certifications) or similar
- Specialist training in Emergency Response related subjects

Working Experience – Nature & Length

- 10 years' experience in large open-pit and underground mining with 3 years in Emergency Response.
- Experienced in Mines Rescue Teams and Emergency Preparedness.
- Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining.
- Working knowledge in operation and risked associated with heavy mining equipment

Technical Skills

- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Analytical skills
- Attention to detail
- Report Writing skills
- Sound decision making skills
- Plan, organize and execution skills
- Understand Machine capabilities and deliverables
- Valid Driver's License
- Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel)
- Emergency Response and Management skills

Behavioral Skills

- Communication (read, write and speak English)
- Safety leadership by example
- Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
- Good Interpersonal and mentoring skills
- Commitment to deliver on agreed targets
- Demonstrated team building and mentoring skills
- Well organized
- Commitment to nationalization of the workforce..

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኤርትራ ኣብ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም ክትሳተፍ'ያ

መበል 19 ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ካብ 19 ክሳብ 27 ነሓሰ 2023 ኣብ ከተማ ቡዳፐስት ሃንጋሪ ክካየድ ኩሉ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ብሸዱሽተ ኣትሌታት ክትወከል'ያ። ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ኣብዚ ውድድር ኣብ 2009 ኣብ 10 ሽሕ ሜትር ብመንገዲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ብሩ መዳልያ ከም ዝዓተረት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ 2015 ከኣ ኣብ በይጂንግ ብመንገዲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ግርማይ ጉብረስላሴ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ኮይና ምንባራ ኣይርሳዕን።

ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ብሸዱሽተ ኣትሌታት'ያ ክትወዳደር። ኣብ ውድድር 10 ሽሕ ሜትር ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ፡ ሱታፌኡ ከረጋግጽ ከሎ፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ማራቶን ከኣ ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ናዝራት ወልዱን ዶልሺ ተስፉን ክውዳደራ ምኳነን ተፈሊጡ ኣሎ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ማራቶን ውድድር ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ብሰለስተ ጓብይትን ምኩራትን ኣትሌታት ክትወከል ከሎ፡ ሓደ ተጣባባቒ ኣትሌት ሒዛውን ክትከይድ'ያ። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ጎይትኦም ክፍሉ፡ ኦሎምፒካዊ




ኣትሌት ዑቕባ ክብሮም፡ ኣትሌታት ብርሃ ጺጋይን መርሃዊ ከሱተን እዮም ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ንምልባስ ተሓርዮም ዘለዉ ኣትሌታት'የም።

ኤርትራ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈልየ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ተወዳዳርነት ከተንጸባርቕ ትጽቢት ኣሎ። ምኽንያቱ ኣብዚ ኣዋን ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ናዝራት ወልዱን ዶልሺ ተስፉን ሓዚንኦ ዘለዋ ቁመና ኣብ ዘተኣማምን ኩነታት ብምህላው።

ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ ኣብ ኦሬጎን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም፡ ምስ ብሉጻ ብቕዓት ራብዓይ ተርታ ብምሓዝ ንስክላ ካብ ፖድየም ከም ዝረሓቐት ኣይርሳዕን። እዛ ኣትሌት ኣብ ደገ ደቡብ ኮርያ ሰለስተ ክብረወሰናት ድሕሪ ምስባራ'ያ ኣብቲ ናይ ኦሬጎን ውድድር ተሳቲፋ ነይራ። ካብ ኦሬጎን ድሕሪ ምምላሳ ክልተ ወርሒ ጥራይ ጸኒሓ ኣብ ሲድኒ ማራቶን ተሸላሚት ነሓስ መዳልያ ክትከውን ብምኽኣላውን ኣብ ግዜኡ ኣርእስቲ ሰሪሓ'ያ። ወናኒት ብዙሓት ሃገራውያን ክብረወሰናት ዝኾነት ናዝራት፡ ሎሚ ዓመት ኣብቲ ናይ ፕላቲኒየም መለክዒ ዘለዎ ቦስቶን ማራቶን ተሳቲፋ ምስ ቀዳሞት ሸዱሽተ ኣትሌታት ኮይና ውድድር ድሕሪ ምውዳእ ደሚ ሓንቲ ካብ ተጠማታቲ ኣትሌታት ዓለም ክትከውን በቒዓ ኣላ። በዚ ኩሉ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ማራቶን ኣዋህሊላቶ ብዙሓ ተመክሮን ብቕዓትን ሎሚ ዓመት ኣብ ናይ መዳልያ ደረጃ ክትበጽሕ ከም እትኽእል ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣቶ ሊቪንግስቶን ኣብርሃም ብርክት ዝበሉ ፈላጦት ናይዚ ዓውድን ይግምቱ። ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ እውን፡ ነዚ ውድድር ካብ ነዊሕ ከም ዝተዳለወትሉን ኣብ ጽቡቕ ቁመና ከም ዘላን እያ ትገልጽ። እዛ ሻምፕዮን ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝኾነት ኣትሌት፡ ካብ ሃገር ወጻኢ ምስ ካልኦት ፍሉጣት ኣትሌታት ዓለም ጽዑቕ ልምምድ ከተካይድ ድሕሪ ምውርሓ'ያ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ሃገራ ብምምጻእ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ተጸንቢራ ዘሎ። ኣብ ፖድየም ምድያብ ከም ቀዳማይ ዕላማ ሒዛቶ ከም ዘላ እትሕብር ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ፡ እቲ ካብ ሃገር ወጻኢ ዘበረቶ ልምምድ፡ ሒዛቶ ዝላ ደረጃ ንምምዕጋም ከም ዝሓገዛ'ያ ትሕብር።

ኤርትራ፡ ሎሚ ዓመት ንፈለማ ግዜ'ያ ኣብ ውድድር ማራቶን ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ብኽልተ ደቂ ኣንስትዮ ትውከል ዘላ። ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ ከኣ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ውድድር ማራቶን ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ንሃገራ ወኪላ ክትወዳደር'ያ። እዛ ኣትሌት፡ ኣብ ውድድር ማራቶን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብሉጽ ብቕዓት እናኣርኣየት ትመጽእ ከም ዘላ'ዩ ዝእመተሉ። ንሳ ኣብ ሮተርዳም ማራቶን ካልኣይ ደረጃ ብምሓዝ ዘዝገመቶ 2:21:35 ግዜ፡ ናይዚ ዓመት እቲ ዝቐልጠፈ ኤርትራዊ ሰዓት ኮይኑ'ዩ ተሰኒዱ ዘሎ። ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ፡ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብ ቫለንሽያ ማራቶን ብዘዝገመቶ ሰዓት፡ እታ ኣብ ቀዳማይ ናይ ማራቶን ውድድራ ዝቐልጠፈ ሰዓት ዘመዝገበት ኤርትራዊት ኣትሌት ክትከውን ኣኽኢልዋ'ዩ። ሎሚ ዓመት ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ሻምፕዮን ፍርቂ ማራቶን ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ዝኾነት ዶልሺ፡ ኣብ 2022 ኣብ ፍርቂ ማራቶን ኣስመራ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እቲ ዝቐልጠፈ ናይዚ ርሕቐት ግዜ ከም ዘመዝገበት ኣይርሳዕን። ስለዚ እዘን ክልተ ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት፡ በዚ ሓዚንኦ ዘለዋ ብቕዓትን ኣመዝጊበንኦ ዘለዋ ውጽኢትን ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ተወሃሂደን ስመንን ስም ሃገረንን ከጸውዓ ልዑል ትጽቢት ኣሎ። ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ማራቶን ውድድር 26 ነሓሰ'ዩ ክካየድ።

ኣብዚ እዋን፡ ብቑጽሪ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ደቂ ተባዕትዮ ተወዳደርቲ ማራቶን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ጓብይቲ ዓወታት ኣብ ምሕፋስ'የም ዝርከቡ ዘለዉ። ቅድሚ ሕጂ ብኣደሎ ቁጽሪ እንኸዶ ዝነበርና ኣህጉራዊ ውድድራት፡ ሎሚ ግን ካብ ልዕሊ ዓሰርተ ኣትሌታት ክንመርጽ በቒዕና ኣለና። ልዕል ኢሉ ከም ዝተገልጸ ኩሉ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ሎሚ ዓመት ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ማራቶን ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ብምሉእ ኮታ ጥራይ ዘይኮነ ተጠባባቒ ኣትሌት ሒዛ'ያ ናብ ቡዳፐስት ክትከይድ። እዚ ቁጽሪ'ዚ ከኣ ኣብ ሓድሕድ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ዓቢ ተራ ከም ዝጻወት'የም ተንተንቲ ዓውዲ ኣትሌቲክስ ዘረድኡ።

ኣብዚ ዓመት እቲ ዝቐልጠፈ ናይ ኤርትራ ናይ ማራቶን ሰዓት ዘመዝገበ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዑቕባ ክብሮም እዩ። እዚ ኣትሌት፡ ድሕሪ'ቲ ኤርትራ ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ብመንገዲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ግርማይ ጉብረስላሴ ዝጎናጸፈቶ ወርቂ መዳልያ እዩ ኣብ ውድድር ኣትሌቲክስ ክዕጥፍ ጀሚሩ። እዚ ኣቓዲሙ ተቐዳዳማይ ብሽክሌታ ዝነበረ ኣትሌት፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ባርሰሎና ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን 2:05:51 ሰዓት ብምምዝጋቡ'ዩ ናይዚ ዓመት ዝቐልጠፈ ናይ ኤርትራ ናይ ማራቶን ግዜ ሰፊዱ። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዑቕባ ክብሮም፡ ኣብ 2020 እውን ኣብ ውድድር ማራቶን ቫለንሽያ ብዘመዝገቦ ግዜ ሃገራዊ ክብረወሰን ማራቶን ጨቢጡ ምንባሩ ሰነዳት ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ የረድኡ። እዚ ኣትሌት፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ውድድር ኦሎምፒክ ቶክዮን ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኦሬጎንን ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወደዩ ተሳቲፉ ነይሩ'ዩ። ንሱ፡ ብፍላይ ኣብቲ ናይ ኦሬጎን ናይ ሻምፕዮን ውድድር ሃንደበት እቲ ውድድር ክጅምር ክልተ መዓልታት ምስ ተረፉ፡ ምጭብባጥ ጅማውቲ ከም ዘጋጠሞ'ዩ ዝሕብር። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዑቕባ ክብሮም ኣብዚ እዋን ግን ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ጥዕናን ዘተኣማምን ብቕዓትን ከም ዝርከብ'ዩ ዘብርህ። እዚ ኣትሌት፡ ኣርባዕቲኦም ኣብዚ ውድድር ተመሪጾም ዘለዉ ኤርትራውያን ኣትሌታት ንነዊሕ ዓመታት ብሓባር ልምምድ ዘካየዱ ኣትሌታት ብምዃኖም፡ ብወሃህደት ንሓደ ዕላማ ንኽሰርሑ ዓቢ ብልጫ ከም ዝፈጥር ይኣምን። ኣብ መወዳእታ "ኩላትና ኣብ ጽቡቕ ቁመና ኣለና። ጽቡቕ መዓልቲ ጥራይ የውዕለና'ምበር ስምናን ስም ሃገርናን ከጸውዕ ተዳሊና ኣለና" ዝበለ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዑቕባ ክብሮም፡ ነዚ ውድድር ዝኸውን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ሃገር ወጻእን ልምምድ ከም ዘካየደ ይሕብር።




ካልእ ምኩር ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ጎይትኦም ክፍለ እዩ። እዚ ብዘለዎ ህጡር ተመክሮ ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ምውህሃድ ዝለዓለ ተራ ክጻወት ትጽቢት ዝዋበረሉ ኣትሌት፡ ኣብ 2021 ኣብ ቫለንሽያ ማራቶን 2:05 ግዜ ብምህራም ናይ ውልቁ ዝበለጸ ሰዓት ክሕዝ ከም ዝኸኣለ ሰነዳት የረድኡ። ኣብዚ ዓመት ኣብ ደገ ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝገበሮ ውድድደር እውን ሻዱሻይ ተርታ ሓዙ ውድድሩ ክፍጽም ክኢሉ'ዩ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ብዘደንቕ ብቕዓት ንመወዳደርቱ ራሕሪሑ ዘውዲ ሻምፕዮን ዝደፈአ ኣትሌት ብርሃ ጺጋይ፡ ኩሉ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕብር። እዚ ኣትሌት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኮፐንሃገን ማራቶን ቀዳማይ ተርታ ከም ዝሓዘ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ ዓመት ከኣ ኣብ ማራቶን ደገ ደቡብ ኮርያ ተሸላሚ ነሓስ መዳልያ ክኸውን በቒዑ'ዩ።




ኣብ 2019 ሃገረ ቀጠር ኣብ ዘኣንገደቶ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ክወዲ ዝቐደወ ኣትሌት መርሃዊ ከሱተ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ኣባል'ዛ ሃገራዊት ጋንታ ኮይኑ ናብ ሃንጋሪ ከምርሕ'ዩ። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ህዝቂል ተወልደ ኣብ ማራቶን ኣምስተርዳም ሃገራዊ ክብረወሰን ክሕዝ ከሎ፡ 2:06 ግዜ ብምህራም ናይ ውልቁ ዝበለጸ ሰዓት ዘመዝገበ ኣትሌት መርሃዊ ከሱተ ሎሚ ዓመት ኣብ ጃፓን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር'ውን 2:07 ግዜ ብምህራም ምስ ቀዳሞት ሓሙሽተ ብሉጻት ኣትሌታት ኮይኑ ውድድሩ ፈጺሙ'ዩ።




ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ካብ ውድድር ማራቶን ወጻኢ ኣብ ናይ 10 ሽሕ ሜትር ናይ ትራክ ውድድር'ውን ብመንገዲ ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ ክትውከል'ያ። እዚ ኣትሌት ሎሚ ዓመት ንፈለማ ግዜ'ዩ ኣብ 10 ሽሕ ሜትር ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ዝውዳደር ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኦሬጎን ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር ኣብ 5 ሽሕ ሜትር ከም ዝተሳተፈ ይዝከር። ኣትሌት መርሃዊ ከሱተ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ካሊ ኮሎምብያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም፡ ንሃገሩ ብሩር መዳልያ ከም ዘምጽኣሉ ኣይርሳዕን።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ፡ ኣብ ታሪኽ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ይኹን ዓለም ሓደ ካብቶም ብኽብሪ ዝጽውዑ ኣትሌታት'ዩ። እዚ ኣትሌት ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም፡ ኣብ ሻምፕዮን ጉያ መሮር ዓለም፡ ኣብ ውድድር ኦሎምፒክ፡ ኣብ ሻምፕዮን ፍርቂ ማራቶን ዓለም….. ወዘተ እቲ ንኤርትራ ንፈለማ ግዜ ብወርቂ፡ ብሩርን ነሓስን መዳልያታት ዘገጸ ኣትሌት'ዩ። በዚ'ዩ ታሪኽ ኣትሌቲክስ ኤርትራ እንኽየገንጸል እቲ ፈለማ ስሙ ዝጥቀስ ሰብ ዝኾነ። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ፡ ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ምርኩስ ብምግባር ብመንገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስፖርት ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹላ ኣሎ። ንሱ "እዞም ኣትሌታት ኣብዚ እዋን ሒዞሞ ብዘለዉ ብቕዓት ስሞምን ስም ሃገሮምን ከም ዘጸውዑ ርግጸኛ'የ። ስለዚ ዝኾነ ዕንቅፋት ከየጋጠሞም ዓወት ሒዞም ናብ ሃገሮም ክምጽኡ ትምኒተይ'ዩ" ክብል'ዩ ለበዋኡ ኣመሓላሊፉ ዘሎ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ኣርሰናል - ኖቲንግሃም ፎረስት 2፡30 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ዌስት ሃም 5፡00 ድ.ቀ

ብራይተን - ሉቶን ታውን 5፡00 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ፉልሃም 5፡00

ሸፊልድ - ፓላስ 5፡00

ኒውካስትል - ኣስቶን ቪላ 7፡30

# ዜና ወጻኢ

ሽዊት ተኽለ

## ሩስያ፡ መንኮርኮር ናብ ወርሒ ልኢኻ

ሩስያ፡ ድሕሪ 47 ዓመታት ንፈለማ እዋን መንኮርኮር ጠፈር ናብ ወርሒ ከምዘለኣኸት ተገሊጹ።

እታ ዝሓለፈ ዓርቢ ናብ ወርሒ ዝተሳእከት መንኮርኮር፡ ድሕሪ 1976 ማለት ሩስያ ኣካል ሕብረት ሶቭየት ካብ ዝነበረትሉ እዋን ንፈለማ ከምእተወንጨፈት ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ተልእኾ እታ መንኮርኮር ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ ትካል ህዋ ኤውሮጳ ከምእተኻየደ ኣመልኪቶም።

እታ 'ሉና 25' ዝተሰምየት ኣስታት 800 ኪሎግራም እትምዝን መንኮርኮር፡ ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልታት ናብ ዙርያ ወርሒ ክትበጽሕ እያ።

"ኣብ ታሪኽ ዓለምና ንፈለማ እዋኑ



ኣብ ደቡባዊ ዋልታ ወርሒ መንኮርኮር ክትዓልብ እያ። ክሳብ ሕጂ ኩሉ ናብ ወርሒ ዝዓለመ ጠፈራዊ ተልእኾታት ኣብ ቀናት ወርሒ እዩ ክኸይድ ጸኒሑ" ክብል ሳዕለዋይ በዓል-ስልጣን ናይቲ ብ 'ሮስኮስሞስ' ዝፍለጥ ኣብ ምርምር ጠፈር ዝተጠመደ ሩስያዊ ትካል ኣሌክሳንደር ብሎኪን ገሊጹ።

እታ መንኮርኮር 23 ነሓሰ ኣብ ወርሒ ክትዓልብ ትጽበ ዝነበረ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ምስታ ኣብ 14 ሓምለ ዝተወንጨፈት መንኮርኮር ህንዲ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ክዓልባ ከምዝኽእላ ተሓቢሩ።

መንኮርኮራት ክልቲአን ሃገራት ናብቲ ቅድሚ ሕጂ ናይ ዝኾነት ሃገር መንኮርኮር ብዘይገለ ጸገም ዘይዓለበትሉ ከባቢ ደቡባዊ ዋልታ ወርሒ የምርሓ ከምዝለዋ እዩ ዝሕበር።

ትካል ሮስኮስሞስ፡ እታ መንኮርኮር ኣብ ገጽ ወርሒ ንሓደ ዓመት ክትጸንሖ፡ ቅምሶታት ሓመድ ብምውሳድ ዝኾነር ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ከተካይድ ምኳና ገሊጹ።

ዛጊት ኣብ ወርሒ ዕዉት ተልእኾታት ዘካየዳ ሃገራት ቻይና፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን ምኳነን ይፍለጥ።

## ቱርኪ፡ ኣብ ሰሜናዊ ዒራቕ ወተሃደራዊ ወፍሪ ተካይድ

ሓይልታት ቱርኪ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ዒራቕ ብምእታው ኣንጻር ዕጡቓት ሰልፊ ሰራሕተኛታት ኩርዲስታን (ፒ.ከይ.ከይ) ምኳኑ ዝተገልጸ ወተሃደራዊ ስርሒት ከምዝካየዱ ሓቢሮም። ኣብቲ ስርሒት፡ ብውሕዱ ሽዱሽተ ወተሃደራት ቱርኪ ከምእተቐትሉ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ኣብ ዝዘርገሖ መግለጺ ኣፍሊጡ።

እቲ ዝሓለፈ ረቡዕን ሓሙስን ከምእተኻየደ ዝተገልጸ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ቱርኪ ካብ ሚያዝያ 2022 ጀሚራ "ክላው-ሎክ" ዝበሃል ስግረ-ዶባዊ ስርሒት ኣብ እተካይደሉ ዘላ ዞባ 'ዛፕ' እዩ ተኻይዱ።

ኣብቲ ቱርኪ ኣብ ልዕሊ መደበራት ፒ.ከይ.ከይ ዘካየደቶ መጥቃዕቲ ኣየር፡ ኣርባዕተ ሓለፍቲ ፒ.ከይ.ከይ ከምእተቐትሉ እቲ ሚኒስትሪ ሓቢሩ።



መንግስቲ ቱርኪ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ፒ.ከይ.ከይ ንዒራቕ ከም መዓስከር ተጠቒሙ ኣብ ቱርኪ መጥቃዕቲ ከይፍጽም ዝዓለመ ስጉምቲ ምኳኑ እያ ትገልጽ።

ዕጡቕ ጉጅለ ፒ.ከይ.ከይ፡ ኣብ 1984 ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ቱርኪ ብዘበገሶ ናዕቢ ልዕሊ 40 ሽሕ ሰባት ከምእተቐትሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ዒራቕ ሓያሎ መዓስከራት ከምዘለዋ ዝነገረላ ቱርኪ፡ ኣንጻር'ቶም ኣብቲ ዞባ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ኩርዳውያን ቀጻሊ መጥቃዕቲ ከምእተካይድ ይፍለጥ።

መንግስቲ ዒራቕ ግን ሰራዊት ቱርኪ ኣብ ውሽጢ ልኡላዊ መሬቱ ዘካይዶ ምንቅስቓስ ዘይሕጋዊ ምኳኑ ብምግላጽ ይኹንኖ ምህላዉ'ዩ ዝፍለጥ።

ኣብ ደቡባዊ ቱርኪን ሰሜናዊ ዒራቕን ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ኩርዳውያን፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ሃገር ንምምስራት 10'ታት ዓመታት ዝወሰደ ዕጥቃዊ ግጭት የካይዱ ምህላዎም ይገልጹ።

## ኣመሪካ - መጠን ርእሰ-ቅትለት ዛዪዱ

ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝለዓለ መጠን ርእሱ-ቅትለት ከምእተመዝገበ ሓዱሽ ዝተዘርግሐ መረዳእታ መንግስቲ'ታ ሃገር ኣመልኪቱ።

እቲ ማእከል ምቍጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (ሲ.ዲ.ሲ) ዝዘርገሖ ጸብጻብ ከምዘመልክቶ፡ ኣብ 2022 ልዕሊ 49 ሽሕ ሰባት ርእሰ-ቅትለት ፈጺሞም።

በዚ ድማ፡ ኣብ ኣመሪካ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ተርእዮታት ርእሱ-ቅትለት ልሙድ እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሓበሬታ 'ሲ.ዲ.ሲ' ከምዘመልክቶ፡ ኣብ 2022 ካብ ጠቕላላ ቁጽሪ ኑበሰ ቅትለት ኣስታት 79 ሚእታዊት ብደቂ-ተባዕትዮ ዝተፈጸሙ እዮም።

ጠንቂ ናይቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ልዑል ቁጽሪ ርእሱ-ቅትለት፡ ብዝተፈላለየ ጠንቂ ዝሰዓበ ጭንቀትን ወሰኑን ኣገልግሎት ጥዕና ስነ-ኣእምሮን ዝርከቦ ብዝተፈላለየ ረቛሒታት ክኸውን ከምዝኽእል ክኢላታት የጠንቕቑ።

ዝዓበየ ጠንቂ ናይቲ ተኸሲቱ ዘሎ ብዝሒ ርእሱ-ቅትለት ግን መግትኢ ዘይተገብረሉ ዋንነት ብሕታዊ ብረት ምኳኑ ትካል ምክልኻል ርእሱ-ቅትለት ኣመሪካ ገሊጹ።




## ህ/ሪ ቻይና፡ ብጉዳይ መጥቃዕቲ ሳይበር ንኣመሪካ ወቒሳ

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ጃፓንን ካልኦት ሃገራት ኤሲያን ሰፊሕ ንጥፈታት መጥቃዕቲ ሳይበር ተካይድ ከምዘላ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣቃሊዑ።

እቲ ሚኒስትሪ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ወተሃደራውን ስለያውን ትካላት ኣመሪካ፡ "ዓቕሚ ሃገራት ንምምዕባል" ብዝብል ጉልባብ ኣብ ልዕሊ 'መሻርኽቲ ኣመሪካ' ዝበልአን ሃገራት ከይተረፈ ሳይበርያዊ መጥቃዕትን ስርቂ ሓበሬታን ይፍጽማ ከምዘለዋ ኣረዲኡ።

"ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ዓለም ሰፊሕ መጥቃዕቲ ሳይበር ተካዪድ ኣላ" ዝበለት ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ማኦ ኒንግ፡ ኣመሪካ ብተወሳኺ ንሃገራት ኤሲያ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ቻይና እተካይዶ ሳይበራዊ መጥቃዕቲታት ከም ማበሲ ትጥቀመለን ከምዘላ ከሲሳ።

እታ ቻይናዊት በዓልቲ ስልጣን፡ ኣብ 2015 ዝለሓኾ ስለያዊ ሰነዳት 'ዊክሊክስ' ብምጥቃስ፡ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ፡ ን35 ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲን ዓበይቲ ኮርፖረሽናትን ጃፓን ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲታት ሳይበር ከምዝፈጸመት ኣዘኻኺራ።

ሽዑ ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ጆ ባይደን፡ በቲ ሃገሩ ዝፈጸሞ ሳይበርያዊ መጥቃዕቲ ንመንግስቲ ጃፓን ይቕረታ ምሕታቱ ኣየርሳዕን።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዝ. መግለጺ ዘውጽኦ፡ ኣብ መጀመርያ ናይዚ ሰሙንዚ፡ ጋዜጣ 'ዋሽንግተን ፖስት'፡ ቻይና ኣብ 2020 ኣብ ልዕሊ መርበባት ምክልኻል ጃፓን መጥቃዕቲ ሳይበር ኣካዪዳ ነይራ ዝብል ክሲ ድሕሪ ምዝርጋሑ እዩ።

ይኹን እምበር መንግስቲ ቻይና፡ ነቲ ክሲታት 'ካልእ ብኣመሪካ ዝተዳለወ መድረኻዊ ድራማ' ክብል ከምዝነጸጎ ኣየርሳዕን።



## ሆላንድ - 8 ቶን ዕጸ-ፋርስ ተታሒዙ

ኣብ ሆላንድ፡ 8 ቶን ዝምዝን ዕጸ-ፋርስ (ኮኬይን) ብክፍሊ ጉምሩክ እታ ሃገር ኣብ ቍጽጽር ከምዝወዓለ ተሓቢሩ።

እቲ ብዘለዎ ክብደት ኣብታ ሃገር ክብረ-ወሰን ሓዚ ዘሎ ዕጸ-ፋርስ 600 ሚልዮን ዩሮ ዝግመት ኮይኑ፡ ካብ ኤኳዶር ዝተላእከ ምኳኑ ተገሊጹ።

ሆላንድ፡ ነጋዶ ዕጸ-ፋርስ ካብ ካልኦት ኣህጉር ናብ ኤውሮጳ ካብ ዘሰጋግሩለን ቀንዲ መስመራት ምኳና ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ሆላንድ፡ ቅድሚ ሕጂ ብዘለዎ ክብደት ዝዓበየ ተባሂሉ ተመዝጊቡ ዝጸንሐ መጠን ኣብ 2020 ዝተታሕዘ ኮይኑ 4.5 ቶን ዝምዝን እዩ።

ሆላንድ፡ ቤልጅምን ስጳኛን ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጸ-ፋርስ ኣብ ቅድሚት ዝስርዓ ሃገራት ኤውሮጳ ኮይነን፡ መብዝሕትኡ እዋን እቲ ዕጸ-ፋርስ ካብ ፓናማ፡ ኮሎምብያን ኤኳዶርን ዝለኣኽ ምኳኑ ይሕበር።



© Openbaar Ministerie, Netherlands Public Prosecution Service/AP/picture alliance


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቑ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሲሸል | 12/08/2023 | ጎደና ናቕፋ ቑ.33፡ ጥቓ እንዳ ኣልፋ | 120601 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቑ.ቴሌፎን 127565